# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.148 ሰሉስ 20 ለካቲት 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ድሕሪ ብተከተ-ጽግያት ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት



ገጽ 3
"'ወይዘሮ ትዕበ' መንኩርኩር ናይ ዝቐጸለ ስርሓተይ እያ" . . .



ገጽ 4
ናይ ቃል በረሲ፡ ናይ መጽሓፍ ተወረሲ!



ገጽ 5
ኣብ ሓዳር ኣቓልቦ ዘድልዮም ጉዳያት



ገጽ 7
ውዕሎ ካልኣይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ




## ባይቶ ዞባ ደቡብ፡ መበል 22 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ





ባይቶ ዞባ ደቡብ "ኩሉ-መዳያዊ ጽንዓትና፡ ምስክር ስጥመትናን ዓወትናን!" ብዝብል ቴማ ብ15 ለካቲት ኣብ ዘቃሃየ መበል 22 ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ኣገዳሲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ።

ኣቦመንበር ባይቶ መምህር ወልዳይ ጉብረ፡ ባይቶ ዝቖመሉ ሸቶታት ንምውቃዕ ኣባላት ብብኮሚተኦም ዝማሰሎን ስራሕ ከምዝዓመሙ ብምጥቃስ፡ ኣፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣቡት ሓይልታት ምክልኻል ተኸቲሉ፡ ኣብ ዝተዋፈሮ መደብ ስራሕ ግቡእ እጃሙ ብዝወፋይነት ከበርክት ኣዘኻኺሩ።

ኣባላት ባይቶ፡ ብብጽሒቱ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብት ድሕሪ ዘዩደዎ ዘተ፡ ሓርበኛታት ሰንክላን ኩናት ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ቀዳምነት ክወሃቦም፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣገልግሎት ባንክ ክጅመር፡ ኣብ'ተን ካልኦት ከተማታት ቅድሚ-ቐትሪ ጥራይ ዘሎ ኣገልግሎት ባንክ ድሕሪ-ቐትሪ እውን ክቕጽል፡ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ማይ-ምን ኣብ ክልተ እትፍለየሉ ባይታ ክጥጣሕ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ንመደብ ስራሕ 2024 ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታት መሊሱ።

ኣብ መወዳእታ ባይቶ ዞባ ደቡብ፡ ንቐሓትን ተሳትፎን ኣብ ውሑስ ምሕደራን ፍወሳን ኣኪቢ ክብ ንምባል ጸዑቕ ጉስጓሳት ክካየድ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮን ንምውጋድ ጥቡቕ ክትትል ክግበርን ተረር ስጉምቲ ክውሰድን ዝብል ውሳኔታት፡ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘጉዳምን ንምስሳንን ብጉድለት ኣየዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምክልኻልን ኣፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብዕቱብ ክሰርሕ፡ ሕጽረት ቀረብ ጸዓትን መጓዓዝያን ቁልሒታ ክግበረሉ፡ መምርሒታት መንግስቲ በቲ ዝምልከቶ ኣብ ትግባረ ክውዕል . . . ዝብሉ ለበዋታት ኣሕሊፉ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡ ንሓፈሻዊ ዕማማት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ፡ ከምኡ'ውን ሕብረተሰብ ኣብ መንግስቲ ዝፍጠር ግርጭት ብሽምግልና ንምፍታሕ ብዛዕባ ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 184/2023ን መደባት 2024ን ብምግላጽ፡ ኣባላት ባይቶ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺራ።

## ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ንሓለፍቲ ትምህርቲ ስልጠና ወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብዛዕባ ወጥን ትግባረን ብቑዕ ስርዓት ትምህርቲ-ን250 ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ርእሰ-መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ሓለፍቲ ስነምግባርን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ስልጠና ወዲቡ።

ኣብ መዘምዚ ናይ'ቲ ካብ 13 ክሳብ 15 ለካቲት ዝቐጸለ ትምህርቲ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በኣይ ሃብተጋብር፡ እቲ ስልጠና ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋጥም ድኽመት ኣለሊኻ ብምፍዋስ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ስልጠናቲ፡ እቲ ምስ ማእከል ትካለዊ ብቕዓት ኤርትራ ብምትሕብባር ዝተወደበ ትምህርቲ፡ ንዝበርሃ ፍልጠት ዝድርዕ ኩሩታ ከምዝረኸብዎ ብምርግጋጽ፡ ኣብ መጻኢ ብዝተፈላለየ ኣርእስትታት ዝቕጽሉ መንገዲ ክፍደ ተላቢዩም።

እቲ ትምህርቲ፡ ብዋዕላዊ ኣካይዲ ስራሕ ማእከል ትካለዊ ብቕዓት ኤርትራ ዶ/ር ኣብል ሃብተማርያም እዩ ተዋሂቡ።



## ዘሐብን መኸተ ራብዓይ ግንባር

ጉዕዞ ታሪኽ ኤርትራ፤ ቀሊዕ ወራር፡ ዘዩቋርጽ ተጻብኦ፡ ጒዕግዉን ወሻጥውን ሜስንኽል፡ ተፈልዩዎ ኣይፈልጥን እዩ። ጸላእቱን መጋብርያታቶምን፡ እናኽሰዩሩ ኣብ ክንዲ ሰዩምን ኣላሽን ምባል፡ ስልትን ጉልበቡን ቀይሮምየም ክጻብኡዎ ጸኒሖም። ባህራኦም ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ንኹሉ'ዚ ጡሓሊሱ፤ ናጽነት፡ ምድልዳል ልኡላውነት፡ ወሻጥዊ ሰላምን ሰቲትን፡ ምንጻፍ ሰረተ-ልምዓት ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ኣብ ወጻኢ፤ ቅድምን ድሕርን ናጽነት፡ ብዝተፈላለየ ኣሰማት፡ ብጠበይ ጭፍራታት፡ ከም ኣፋሒቶ ብዝቅያየር ጉልባባት፤ ሰወርን ቀሊዕን ሸርሒታት፡ ክድዓትን ኣዕናውነትን ተፈታቲኑናስ፡ ማይ ዓኸኑ ተሪፉ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመትን መንፈቕን፡ ጸባሕ'ቲ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ዘመዝገቡዎ ታሪኻዊ ዓወትን ዘሰዐ ደግመ-ግንፋል ሃገራዊ ሓበንን ተሳቲፎን፦

▸ ብሓደ ወገን፤ ናይ ወጻኢ መንግስታትን ትካላትን ስሊያን ከተባብዕዎ ዝጸንሑ፤ በትርን እምንን፡ ስሕለት ዝዕጥቁ፡ ሃገራዊ ትእምርታት ዘሰንበዱ፡ ኻጻዊ ጉብረ-ሸበራዊ፤

▸ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ክምስጥን ኪደናግርን ዝኽእል ዝመሰሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተሸጒጦ፡ ብሓደሽ ዝመስል ግን ከኣ ብዙሕ ግዜ ተሃቂሉ ዝፈሸለ ብሉይ ስልቲ፡ ኣብ ወጻኢ ንዝኑብር ህዝብናን ውዳበታቱን ንምጉዝዛይን ንምፍራስን ዝሰርሕ ምትእኽኻብ፤

ንዕዙብ ኣለና።

ራብዓይ ግንባር፡ ኑቲ ጉዳዊ ጉጅለ፡ ብትብዓትን ሜላን ተቓሊሱ ኣብ ውሽጢ ዓመት ኣዳኸምዎ ኣሎ። ኑቲ ብሸፉን 'ምእራም ጌጋታት'፤ ዝለፉን ጠቐነ፡ ጸለመን ሓሶትን ዝዕጥቁ መርበብ ድማ፡ ብዓቕልን ኑብሱግትኣትን ክዕዘን ካብ መንገዲ ዕንወት ንኽምለስ ክምዕድን ክላጦን ጸኒሑ፡ ናብ ምቅላዕን ብኣድማዕት ምምካቱን ተሰጋጊሩ ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋህው፡ ዳግም ክረጋገጽ ዝግባእ፡ ተመኪሮና ዝምስክሮ ሓቂ ኣሎ። ኩሉ ዜጋ ርእይቶ፡ ሓሳባት፡ ነቐፌታ ክገልጽን ሃናጺ ተበግሶ ክወስድን ንዝልዕሎ ጉዳያት መልሲ ክረኽብን መሰሉ እዩ። ሕግን ስርዓትን ጥሒሶ፡ ትካላትን ግቡእ ማስመራትን ኣጺሞ፡ ንህዝቢ ንዲቕካ ከተደናግርን ክተከፋፍሎን ምዕልባጥ ግን፤ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝፍጸም ኣዕናውነት እዩ።

ሎሚ'ውን፤ ዕላማናን ቀዳምነትናን ኣብ ወጻኢ፤ ምኽሳኡስ ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ ምድልዳል ስጥመት-መሳርዕ፡ ምሕያል መኸተ፡ ብራኺ ኣበርክቶ ንሃገራዊ ልምዓት እዩ።

ሃምን ቀልብን ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ናብኡ ይቐናዕ።

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብተፈጥሮ ካብ ዝተዓደለን ጸጋታት ሓደ፡ ወርሓዊ ጽግያት እዩ። ወርሓዊ ጽግያት ሓደ ካብ ምልክታት ግርዝውና እዩ። ኣብ ከባቢ ዕድመ 12 ዓመት dma ይጀምር፡ ካብ ከባቢ 40 ዓመት ዕድመ ንደሓር ከኣ ስሩዕ ዑደቱ የቋርጽ። ምቁራጽ ዑደት ወርሓዊ ጽግያት - ብትከተ-ጽግያት (menopause) ይበሃል። ኣብዚ ዕድመ'ዚ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ክትፈሪ ኣይትኽእልን እያ።

ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ዝኾነ መድሃኒት ወይ ፍወሳ ከይተጠቐመት - ወርሓዊ ጽግያት ከይመጸኣ 12 ኣዋርሕ ምስ እትገብር፡ ኣብ ደረጃ ብትከተ ጽግያት ኣትያ ክንብል ንኽእል። ኣብ ግዜ ለይቲ ምርሃጽ - ሓደ ካብ'ቲ ልሙድ/ንቡር ምልክታት ኣብ ዕድመ ብተከተ ጽግያት ናይ እትኣቱ ዘላ ጓል-ኣንስተይቲ እዩ።

**ጠንቅታት**

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዘርኢ ክኸውን ዝኽእል ሓያሎ እንቋቑሖ ሒዘን እየን ዝፍጠራ። እቶም እንቋቑሖ ኣብ ማህደረ እንቋቑሖ እዮም ዝኽዘኑ። ማህደረ-እንቋቑሖ - 'ኢስትሮጅን' (estrogen) ከምኡ'ውን 'ፕሮጀስተሮን' (progesterone) ዝበሃሉ ሆርሞናት የዳልዉ። እዞም ሆርሞናት እዚኣቶም፡ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ንዝመጽእ ወርሓዊ ጽግያት ይቆጻጸሩ። ዘርኢ ክትከውን ንዝዳለወዋ እንቋቑሖ (ovulation) ድማ ይልእኩ። እቲ ማህደር እንቋቑሖ፡ ዘርኢ ክትሕዘ እትኽእል እንቋቑሖ ኣዳልዩ ምስ ዘይልእኽ፡ ብትከተ-ጽግያት የጋጥም። ኣብ'ዚ እምበኣር፡ ምምጻእ ወርሓዊ ጽግያት ደው ክብል ግድን ይኸውን።

ብትከተ-ጽግያት ብደረጃ ዕድመ ክርአ እንከሎ፡ ካብ 40 ዓመት ንደሓር የጋጥም። ኣብ ገለአን እቲ ብትከተ-ጽግያት ኣቐዲሙ ክመጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ብሰንኪ መብጣሕትን ካልእ ፍወሳን ክኸውን ይኽእል። ብትከተ-ጽግያት ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ቅድሚ 40 ዓመት ዕድመ ምስ ዘጋጥም፡ 'መዓልቱ ዘይኣኸለ ብትከተ-ጽግያት' ተባሂሉ ይግለጽ።



**ምልክታት ብትከተ-ጽግያት**

**ፋልማዊ ምልክታት**

ኣብ ብትከተ-ጽግያት ዝተቓረባ መብዛሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተደጋጋሚ ኣካላዊ መቐት ይስምዐን። እቲ መቐት ዝያዳ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነተን ኮይኑ - ተደጋጋሚ ክርህጻን ቈርበተን ክቐይሕን ይርአ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፦

\+ እቲ ወርሓዊ ጽግያት ዘይስሩዕ ሓንሳብ'ውን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ከይመጽአ ይጸንሕ፤

\+ ርሕሚ ይነቅጽ፤

\+ ቃንዛ ጡብ፤

\+ ቀቅልጢፍካ ክትሸይን ምድላይ፤

\+ ጸገም ኣብ ድቃስ፤

\+ ናይ ባህሪ ለውጢ ምርኣይ፤

\+ ምንቃጽ ቆርበት፡ ዓይንን ኣፍን ወዘተ የጋጥም።

ድሓርም ዝመጽኡ ምልክታት

\+ ድኻምን ረሸሽ ምባልን፤

\+ ጸቕጢ፤

\+ ልዑል ህርመት ልቢ፤

\+ ሕማም ርእሲ፤

\+ ቃንዛ መላግቦን ጭዋዳን፤

\+ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፤

\+ ምርጋፍ ጸጉሪ ርእሲ፤

\+ ድሌታት ስጋዊ ርክብ ምዕባይ ወዘተ እዮም።

**ደረጃታት ብትከተ-ጽግያት**

ብተፈጥሮ፡ ምስ ግዜ ባዕሉ ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት ሰለስተ ደረጃታት እዩ ዘለዎ።

= **ቅድመ ብትከተ-ጽግያት፦** እዚ እቲ ጽግያት ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምቁራጹ ኣብ ዘሎ ገለ ዓመታት እዩ ዝርአ። ኣብ'ዚ እቲ ማህደር እንቋቑሖ ውሑድ 'ኢስትሮጅን' ሂርሞን እዩ ዘፍሪ። ከምኡ እናበለ ድማ ክሳብ ብትከተ-ጽግያት ይጸንሕ። ብትከተ-ጽግያት ኪጋጥም እንከሎ ግና፡ እቲ ማህደር እንቋቑሖ ምሉእ ብምሉእ እንቋቑሖ ኣዳልዩ ንዘርኢ ካብ ምልኣኽ ደው የብል። ምልክታት ናይ ብትከተ-ጽግያት ድማ ብኡ ንቡኡ ክረኣዩ ይጀምሩ።

= **ብትከተ-ጽግያት፦** ኣብዚ፤ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ወርሓዊ ጽግያት ከይመጽአ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ እዩ። እታ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ኣትያ ዝበሃል።

= **ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት፦** እዚ ደረጃ'ዚ ብትከተ-ጽግያት ካብ ዝተለለዩ እዋን ንደሓር ዝሎ ዕምሪ ናይታ ጓል-ኣንስተይቲ እዩ ዘመልክት። ከም ክቱር ረሃጽ ሰብነትን ረሃጽን ዝኣመሰለ ምልክታት ከኣ ተርኢ። ምጉዳል ናይ ሆርሞናት 'ኢስትሮጅን' እውን ምስ ዕድመ ኣብ ጥዕናኣ ጉድኣት ከውርደላ ናይ ዘለዎ ተኽእሎታት እናዛየደ ይኸይድ።

**ቀዳሞ ዘጋጥም ብትከተ-ጽግያት - Premature Menopause**

ጀነራዊ ባህሪ ናይ'ታ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ንኣብነት ምምዛብዕ ኣብ ስርዓት-ምክልኻል ሕማም ክኸውን ይኽእል፡ ብትከተ-ጽግያት ቀዳሞ ክመጽእ ካብ ዝገብር ጠንቅታት ሓደ እዩ። ካልኦት ካብቶም ጠንቅታት ንምዝርዛር፦

**\+ ምድኻም ማህደረ እንቋቑሖ (ovarian failure)፦** ማህደር እንቋቑሖ፡ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ንዘርኢ እትኸውን እንቋቑሖ ካብ ምልኣኽ ከቋርጽ ይኽእል። ኣብ'ዚ መጠን ናይቶም 'ኢስትሮጅን'ን 'ፕሮጀስተሮን'ን ዝበሃሉ ሆርሞናት ምዝንባዕ ኪጋጥም ንቡር እዩ ዝኸውን። እዚ ክስተት'ዚ እታ ሰብ 40 ዓመት ዕድመ ቅድሚ ምእካላ ምስ ዘጋጥም፡ ምድኻም ማህደረ እንቋቑሖ ቅድሚ ግዜኡ ኣጋጢሙ ይበሃል።

**\+ ብዶጋዊ ድፍኢት ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት (Induced menopause)፦** ብሕክምናዊ ምኽንያት፡ ማህደር እንቋቑሖ ከም እትወጽእ ይግበር። ብጨረርን ከሚካላዊ ፍወሳን ማህደር እንቋቑሖ ከም እትዓኑ'ውን ይግበር እዩ።

ምልክታት ብትከተ-ጽግያት ንኽንደይ እዋን እዩ ዝጸንሕ?

ብትከተ-ጽግያት፡ ካብን ናብን ደቂ-ኣንስትዮ ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ዝርአ ምልክታት ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ክርአ ይኽእል እዩ።

**ለውጢ ኣብ ኣካቢራ**

ኣብ ኣካቢራ ለውጢ ብምግባር፡ ሓያሎ ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ዘጋጥመን ምልክታት ክብደሃኡ ይረኢያ እየን። ስለዚ ንሸኺ'ውን ነዞም ስዒቦም ዝረኣዩ ነጥብታት ክትቐልብሎ ይግባእ፦

=> ልዑል መቐት ምስ ዝስመዐኪ፤ ዝሑል ዝበለ ማይ ክትሰትዩ ይምረጽ። ፈኲስ ክዳን ክትወድዩ ጽቡቕ እዩ። ግዳሺ እኹል ንፋስን ኣየርን ክኣትዎ ከም ዘለዎ ኣስተብህሊ።

=> ጽሬት ኣካላትኪ ብግቡእ ክትሕልዊ ይግባእ። ጽሬት ርሕፃን ከብኡን ምሕላው ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

=> እኹል ድቃስ ክትረኽቢ ምውሳዋስ ኣካላት ኣዘውትሪ። ምውሳዋስ ኣካላት፡ ብዝተፈላለዩ ካልኦት ሕማማት ክትጥቃዒ ዝለኪ ተኽእሎታት ኣብ ምጉዳል'ውን ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

=> ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታትኪ ከዘብርኺ ይግባእ። እዚ ድሒሩ ብኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ጭንቀትን ክትጥቃዒ ዘለኪ ተኽእሎታት የጉድሎ እዩ።

=> ሽጋራ ዘይምትካኽ። ምትካኽ ሽጋራ ብትከተ-ጽግያት ኣብ ዘይግዚኡ ክመጽእ ጠንቂ ክኸውን ከም ዝኽእል ይግለጽ።

=> ኣመጋግባኺ ስሩዕን ዝተመጣጠነን ክኸውን የድሊ። ክብደት ሰብነትኪ ብግቡእ ክትቆጻጸሪ ከም ዘለኪ'ውን ኣይትዘንግዒ።

**ድሕሪ ብትከተ ጽግያት ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት**

ኣብ ንጽፈ-ጽግያት ዝረአዩ ሆርሞናዊ ለውጥታት፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘቃልዐን ክኢላታት ይገልጹ። "ኢስትሮጅን ኣብ ኣካላትና ንዝካየድ ሓያሎ ንጥፈታት እዩ ዝዕቅብ - ንንጥፈታት ኣእምሮ፡ ቆርበት፡ ኣዕጽምቲ፡ ልቢ ወዘተ" ይብሉ ተመራመርቲ።

**= ሕማም ምንጋጋን ሰኖን**

ሕማም ምንጋጋን ሰናን፡ መጠን ናይ 'ኢስትሮጅን' - ማለት ጾታዊ ኣካላዊ ከዪ- እናኣንቆልቀለ ምምጻኡ፡ ነታ ሰብ ተደጋጋሚ ምምሾማሽ ኣስናንን ቃንዛ ግርጻንን ኪጋጥማ ንቡር እዩ። ስለዚ ልዕሊ ማንም ካልእ እዋን ግቡእ ኣተሓሕዛ ጽሬት ኣፍ ከም ዘድልያ ክትዝንግዖ የብላን። ኣብ ድሕሪ ንጽፈ-ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ኣፈን ብተደጋጋሚ ክደርቕ ስለዝርኦ፡ ምቅጻልን ሱላን ናይ ምንጋጋ ደረኣየን እዩ። በዚ ድማ፡ ጣዕሚ ናይ መግብታት ኣብ ምልላይ ክሽገራ ከም ዝረኣያ ክኢላታት ይሕብሩ።

**= ምቁርራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ**

ምቁርራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ፡ ኣብ ግዜ ድቃስ ዝርአ ምዕባስን ምቁርራጽ እስትንፋስን ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት ዝያዳ ገኒኑ ከም ዝርአ ክኢላታት የመልክቱ። እዚ ጸገም'ዚ ብሰንኪ ምንቁልቋል ፕሮጀስተሮን (progesterone) - ናይ ጥንሲ ሆርሞን - ዝኸሰት እዩ። እዚ ዓይነት ጸገም፡ ብቐሊሉ ክፍወስ ከም ዘይክእል እዩም ሓኪይም ዘመልክቱ። ከም ሳዕቤኑ ምድንዛዝ፡ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ፡ ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡ ጭንቀትን ካልእ ጸገማትን የኸትል።

**= ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን**

ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ክጥቅዓ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ትሑት መጠን 'ኢስትሮጅን'፡ ተጻዋርነት ኢንሱሊን ናይ ሰብነት ከም ዘወሰኾ እዩ ዝሕብር። ሓንቲ ድሕሪ ንጽፈ-ጽግያት ዝኣተወት ሰብ፡ ብቐጻሊ ሕክምናዊ መርመራ ክተካይድ ከም ዘለዋ ሓኪይም ይመኽሩ።

**= ሕማም ልቢ**

ሕማም ልቢ፡ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ብማህደረ እንቋቑሖ ዝፈርዩ 'ኢስትሮጅን' ንጥዕና ኣገዳሲ ዝኾኑ 'HDL' ኮሌስትሮል ብልዑል ዓቐን ከፍርዩ እንከለው፡ ነቲ ሓደገኛ ኮሌስትሮል 'LDL' ግና ብዙሕ ከም ዘይፈርዩ ይገብርዎ። በዚ፤ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ንኸይትጥቃዕ ይሕግዛ። ብኣንጻሩ ምጉዳል ከዕታት ኢስትሮጅን፡ ድሕሪ ምቁራጽ ጽግያ ዘጋጥም'ዩ ነታ ሰብ ንሕማም ልቢ ዝተቓልዐት ይገብራ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሓንቲ ካብ ሽዱሽተ ጽግያት ዘቋረጸት ጓልኣንስተይቲ፡ ብሕማም ልቢ ዝተጠቕዐት እያ። ሽጋራ ዘይምትካኽ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ምዝውታር፡ ምውሳዋስ ኣካላት ምኽያድ ገለ ካብቶም ድሕረ ምቁራጽ ጽግያት ደቂ ኣንስትዮ ከድህብሉ ዝግበኦን ሜላ መንበሮ እዩ።

**= ጸገም ስርዓት-ሽንቲ**

'ኢስትሮጅን'፡ ኣብ ምቁጽጻር ስርዓት-ሽንቲ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ንጭዋዳታት ፍሕኛ ሽንቲ ብምሕያል፡ ናይ ምጭባጥን ምምጣጥን ዓቕሙ ከም ዝዕቀብ ይገብር። ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ሽንቲ ንዝኣትዉ ታህዋስያን (ባክተርያ) ብቐሊሉ ከም ዝወጽኡ ስለዝገብርዎ ድማ፡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ስርዓት-ሽንቲ ኪጋጥማ ዝኽእል ረኽሲ ዝተሓተ ይኸውን። ብኣንጻሩ ዓቐን 'ኢስትሮጅን' እናጎደለ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፡ ንረኽሲ ዝተቓልዐት ትኸውን። ኣብ 2013፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግቶን ኣብ ዝርከብ ቤት-ትምህርቲ ሕክምና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብተን ንመጽናዕቲ ዝተሓርያ ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሓደ ርብዒ ብረኽሲ ስርዓት-ሽንቲ ዝተጠቕዓ ኮይነን ተረኺበን። ነቲ ኪጋጥም ዝኽእል ጸገም ንምእላይ እተን ደቂ-ኣንስትዮ ምውሳዋስ ኣካላት ከዘውትራ፡ ብብዝሒ ፈሳሲ ክሰትያን ኣካላዊ ጽርየት ክሕልዋን ከም ዘድሊ ሓኪይም ይመኽሩ።

**= ምህማኩ-ዓጽሚ**

'ኢስትሮጅን'፡ ጻዕቅን ድልዱልን ኣዕጽምቲ ኣብ ምዕቃብ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ጽግያት ዘቋረጻን ደቂ-ኣንስትዮ ንምህማኩ-ዓጽሚ (osteoporosis) ዝተቓልዓ ምዃነን ሓኪይም ይገልጹ። ካብ 20 ክሳብ 30 ሚእታዊት ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርአ ምህማክ ኣዕጽምቲ ኣብ ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት ድሕሪ ብትከተ-ጽግያት ይርኣ። ስለዚ፤ ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ልዑል ትሕዝቶ ካልሽየም ዘለዎም መግብታት ክወስዳ ይምከራ። ምጡን ክብደት ሰብነት ክውንንን ምውሳዋስ ኣካላት ከዘውትራ፣ ዝወስዳኦ መጠን ሽኮር ከጉድላ ይግባእ። ኣልኮላዊ መስተን ቡንን፡ ካብ ኣዕጽምቲ ካልሽየም ልሒጾ ናይ ምውጻእ ባህሪ ስለዘለዎ፡ ብብዝሒ ክወስዳኦ ኣይግባእን።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## “‘ወይዘሮ ትዕበ’ መንኩርኩር ናይ ዝቐጸለ ስርሓተይ እያ” ስነ-ጥበባዊ ደበሳይ ወልዱ



ዓርቢ 02 ለካቲት 2024፡ ስነ-ጥበባዊ ደበሳይ ወልዱ - ኣብ 2000 ዝደረሳ ሬድዮ ድራማ “ወይዘሮ ትዕበ”፡ ኣብ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ምስ ኣንበበት ከም ዘለዎ ኣብ ናይ ሰለስ 06 ለካቲት ሕታምና ጠቒስና ነይርና። ካብዚ ብምብጋስ ምስቲ ብፍሉይ ኣብ ናይ ሬድዮ ድራማን ተኸታታሊ ፊልም ኣብ ተለቪዥንን ሃገርና ብዙሕ ዘርኸሰን ዘበርክተ ዘሎን ስነ-ጥበበኛ ዘካየድናዮ ዕላል ነቕርበልኩም።

ደበሳይ ወልዱ ካብ 1992 ክሳዕ እዋንዚ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና፡ ክፍልታት ሬድዮን ተለቪዥንን ከም ኣዳላውን ኣርታዒን መደባት ሰሪሑ፣ ኣብ ሬድዮን ተለቪዥንን ብርክት ዝበሉ ድራማታትን ተኸታታሊ ፊልምታትን ከቕርብጸኒሑን ኣሎ። ኣብ “ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ” 24 ናይ ሬድዮ ድራማታት፣ ሸውዓተ ተኸታታሊ ፊልምታት ኣብ ተለቪዥን ኤርትራ፣ ልዕሊ 150 ሓጺር ኣስተምህሮኣዊ ናይ ሬድዮ ድራማ፣ ልዕሊ 100 እዋናዊ ድራማታት “እንዳይ ሳሮን”፣ 3405 ክፋላት ኣብ ኤራቲቪ ዝተፈነወት ሲትኮም “ሰድራ”፣ ፊቸር ፊልምታት፣ ናይ መድረኽ ድራማታት፣ ኣስተምህሮኣዊ ፊልምታት፣ ወዘተ. ዘርከቦ ሰፊሕ ስነ-ጥበባዊ ዘፍረያ ሞያዊ እዩ።

**“ወይዘሮ ትዕበ” ህብቡብ ናይ ሬድዮ ድራማ ምንባራ እዝከር። ብድሕሪኣን ቅድሚኣን ተመሳሳሊ ዕዮ ሰሪሕካ ኢኻ። ስለምንታይ ካብ ኩሉ ስርሓትካ ነዛ ስራሕ እዚኣ ኣብ መጽሓፍ ኣሕቲምካያ? ብዛዕባኣ ገለ ክትነግረና?**

“ወይዘሮ ትዕበ” ኣብ ሳዋ ከለኹ'የ ጽሒፈያ። እቲ ኣብ ግዜ’ምግባር ምቹእ ማስርሒ ቦታ ኣብ ዘይነበረሉ ደማ'ያ ተጻሒፋ። ድሕሪ ታዕሊም ምውዳእና፡ ነቲ ዝበረና እቲ ግዜ እንታይ ከፍርየሉ እኽእል ኢለ እሓስብ ነይረ። ድሕሪ ታዕሊም ሞያውያን ኰንና ኣብ ገስጋስን ሓበሬታን ናይቲ መደበር ምስ ተመደብና፡ ዝተዋህበና ስራሕ ምስቲ ዝበረና ግዜ ዝመጣጠን ስለ ዘይነበረ፡ ነቲ ትርፊ ግዜ ክጥቀመሉ ሓሰብ። ኩሉም ኣብኡ ዝነበሩ ሓለፍቲ - ብፍላይ ኮኣ ሸምንዲ ተሰፋይ - ተሓባበርምኒ ክጽሕፍ ተበገስ።

እቲ ሓሳብ ኣቐዲሙ ዝመላለሰኒ ዝነበረ እዩ። ሓደ ‘ደቂ-ኣንስትዮስ ደቀን ምስ ኣእከላ ክብሪ ናይ ሰብኣየን የጉድላ እየን’ ዝብል ብሂል ኣሎ። ዝኾነ እቲ ካብ ደገ ዝስደድ ገንዘብ ደረውም። እዚ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮይ ይመላለስ ነይሩ። ወላዲ - ተዕበየ፡ ተምህሮ ትዛናኸና ንክልቴኻ [ወላድን ወላዲትን] ሓይሊ፡ ጉብዝና ንኽሽፍውን እዩ። ምርጋስ ንኽሽፍውን እዩ። ምርጋስ ንኽኹኻ ጥሪሕ ዘይኩኑ ከም ወላዲ ንፃሞነትውን ብጸቡቕ ተዕበዩ ኢኻ። ኣብ መወዳእታ እዚ ወላድ'ዚ ንወለዱ ዝፈላሊ ክኸውን የብሉን። እቲ ናቱ ጸጋ ደጋፊኻዩ ክኸውን ዘለዎ፡ ክብረት ዝደርዕ።

ነቲ ዝበረ ጸጋ ናይቲ ግዛ ዘወሰኸ ክኸውን ኣለዎ'ምበር፡ ወላዲ ብዘሰደዶ ገንዘብ እቲ ኣብቲ ሰድራ ዝበረ ፍቕሪ ክጠፍእ የብሉን። ብሓጺሩ ‘ጸገምበር ጸገም ክኸውን የብሉን’ ዝብል ሓሳብ ብቐጻሊ ይመላለሰኒ ነይሩ። እቲ መልእኽቲ ካብ ኣየን ኣዴታት ዝያዳ ነቲ ወላዲ ክኸውን ኣለዎ ዝብል'ዩ ኣብ ኣእምሮይ ዝመላለስ ነይሩ። እቲ ንሸኻ ንወለደይ ክኸፍሎ ኣለዎ እትብሎ ጸማስ ንኽታየም ክብርን ፍቕርን ዝደርዕ ዘሐይል ክኸውን ኣለዎ፡ ዝብል መረዳእታ'ዩ እቲ መበገሲ። እታ ድራማ ምስ ተሰርሐት፡ እቲ መልእኽቲ ዝያዳ ናብ ኣዴታት ዛዘዩ።

ጽሒፈ ምስ ወዳእኩዋ ናብ ኣስመራ ሒዘያ መጺአ። እቲ እዋን እዋን ሳልሳይ ወራር ወያነ'ዩ ነይሩ - 2000 ዓመተ-ምህረት። እዋን መኸተ ብምንባሩ፡ ከምኡ ዓይነት መደባት ዝቐርብሉ ስለ ዘይነበረ፡ ሒዘያ ሰቕ ኢለ። ብመሰረቱ ንዕማቢተይ እየ ጽሒፈያ። ብኣባላት ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ ክሳዕ ክንድእ ተቐባልነት ትረኽብ'ያ እውን ኣይበልኩን።

ኣብ መወዳእታ ናይ’ቲ ዓመት፡ ኩነታት ዝሓ ኢሉ ንጥሪፈታት ድምጺ ሓፋሽ ናብ ንብር ገጹ ኣብ ዝኸደሉ፡ ‘እዚኣ እኳ ኣላ’ ኢለ ንወይዚ ገረዝጊሄር ሂበዮ። ፈትዩዎ። ኮሚተ ሰንበት ምስ ድምጺ ሓፋሽውን ከሎም ፈትዮማ ክትቀርብ ተወሰነ። ዳርጋ ከሎም ተዋሳእታ ኣባላት ድምጺ ሓፋሽ እዮም። ወይኒ ሓሳፊት ጨንፈር ትግርኛ እንኸላ'ያ ክትዋስኣ ወሲና። ብዘርም ኣንባብ ከኣ ሰሪሓታ። እታ ድራማ ዝረኸበቶ ተቐባልነት ዓቢ ደርኺት'ዩ ፈጢሩለይ።

**ካብ'ቲ ዝበረ መልሰ-ግብሪ ተኸታቲልካ ገለ ክትገልጸልና?**

ንሰብ ኣብ ገዛኡ እያ ኣትያቶ። ማዕረ ኸንደይ ኣብቲ ሕብረተሰብ ከምኡ ጸገማት ከም ዘሎ ዘርኢ፡ ተቐባልነት ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ሓደ ሰብኣይ ንኣብኦት፡ ‘ኣነ ደቀይ ተኸናኺነ እየ ኣዕብዮ፡ ምናልባት ንሳቶም ከምኡ ይፍጽም ምህላው ኣይፈልጠን ይኸውን። ተሌፎንም ከማን የብለይን። ግን ሰልዲ ይሰዱ እዮም። ኣብ መወዳእታ፡ ኣነ ከይፈለጥኩ ሓደ መዓልቲ ኣቕሒቶም ጉዙይ ኩሉ ተቐይሩ ጸኒሑኒ። ካብ ሰምበል ኣዋርሕ ገይሩ ተኣዚዙ እዩ መጺኡ። ኣብ ካልእ ግዜ ዝኣተኹ ማሰሉኒ ሰንበደ ምልስ ኢሉ . . . ኣብ ግዜሲ ኛና ኩይኑ ስለዚ ሓቂ ኢኻ ጽሒፍኻ’ ኢሉኒ።

ካልእ ሰብ ከኣ “ወይዘሮ ትዕበ” ኣብ ሽምግልና'ውን ሓጊዛትና እያ። ንዘበደላ ክንገንሕ ከለና፡ ‘ስምኪ'ኳ ተቐይሩ ‘ወይዘሮ ትዕበ’ ኹይኑ’ ምስ እንብለን ዘሰንብዳ ኣለዋ’ ኢሉኒ።

ማሽኛ ሓደሽ ካብ ሰከይቲ ንኣብኦት፡ ብጥንብሪ ‘ነታ ድራማ ክሰምዓ ጸኒሐ ናብታ ተመሳሳሊ ጉዳይ ዝበረ ሰበይቲ ከይደ። ኢጋጣሚ ንሳ ኸኣ ሰሚዓታ ስለ ዝጸንሐት፡ ‘ስምኪ'ኳ ‘ወይዘሮ ትዕበ’ ተቐይሩ’ ምስ በልኩዋ፡ ‘ክሳዕ ክንደዚ ደየ ኣኽፊኣ!’ ኢላ ሰንቢዳ። ነታ ዝበረት ቁጽረና ከይተጻወና መዓልቲ ኣቕሪብና ነቲ ጉዳይ ብሰላም ፈቲሕናዮ፡ ’ ኢሉኒ።

ሓደ ሰብ ከኣ መጺኡ ረኺቡኒ። ‘ሰይቲ-ኣቦይ ትዕበ እዩ ስማ። ኣብቲ ግዜኦም ከማዚ ናይ ድርሰትካ ሽግራት ነይሩዎም። እቲ ዛንታ ኣነ ዝዕበኩኻ መሰሉዋ መሊሳ ምሳይ ተባኢሳ፡ እቲ ስም ሰማ፣ እቲ ተግባራት ተግባራታ እዩ - ልክዕ ንሳ ኹይና። ሽግር ፈጢርካለይ። ‘ንሽካ እንተ ዘይትህቡ ከመይ ገይሩ ከምዚ ገይሩ ሽግር ገዙና መውጽአ! ኢላትኒ’ ኢሉኒ። ንኣገዳስነታን ጽልዋኣን ዝገልጽ ብዙሕ ኣብነታት ነይሩ።

ከም ተወሳኺ፡ በቲ ዝረኸበቶ ሰፊሕ ተቐባልነት፡ ኣገልግሎት ሽርፌ ሂምቦል ኣብ መንጎ’ቲ ፈነወ መወዓውዒ ክንዝውር ኢሎም ሓቲቶም። ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ከምኡ ልሙድ ኣይኮነን። ተቐባልነት ስለዝረኸበ ግን፡ ገለ ኣታዊ እውን ንድምጺ ሓፋሽ ፈጢራ እያ። እዚታት ውሑድ ካብ’ቲ ዝዘከርዎ ብዙሕ መልሰ-ግብሪ እዩ።

ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ዝበዝሑ ተዋሳእቲ “ወይዘሮ ትዕበ” ኣባላት ድምጺ ሓፋሽ እዮም ነይሮም። ውሑዳት ጥራይ እዮም ካብ ደገ ተሳቲፎም። ንኹላቶም ድማ ክፍሊት ዝበሃል ኣይነበረን። እቲ ወኒ'ዩ ዘሰርሓና ነይሩ።

ድሕሪ ወይዘሮ ትዕበ'ኳ ብዙሕ ሰሪሕና ኢና። ብቴክኒክ፡ ብኣጻሓሕፋ ዝሓሸ ነይሩ፣ እንተኾነ ከምኣ ጽልዋ ኣይነበሮን ክብል እደፍር። ሓይሊ ናይቲ ቴማ ኩይኑ ድማ ይስምዓኒ። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ሰባት ናብ መጽሓፍ፡ ፊልም ክትቀየር ሓሳብ ከቕርቡጸኒሖም። ገለ ኸኣ ‘ከም ዘሎታ ኣብ ዝኸሪ ሰብ ግደፋዋ’ ዝበሉኒ ነይሮም።

ሕጂ ኣብ መጽሓፍ ዝተሓትመትሉ ምኽንያት፡ ካብ ዝመጽኣኒ ተደጋጋሚ ርእይቶ ተበጊሰ'የ፣ ልዕሊ ኹሉ ግን ብዙሕ ሰብ ናይ ሬድዮ ድራማ ኣይጽሕፍን እዩ። ምናልባት መወከሲ ስለ'ኡ ክኸውን ይኽእል፣ ኣንበብቲ ዘተሓዛ ደልዩ ይኸውን ካብ ዝበል ሓሳቡ፡ ክጽሕፉ ንዘይደልዩ መወከሲ ክትከውን ትኽእል'ያ ኢለ ኣሕቲመያ።

**ካብቲ መበቆላዊ ጽሑፍ ድራማ፡ ኣብ'ዚ ሕታም'ዚ ዝበርኖ ምቅይያር ኣሎዶ?**

ከም ዘለዋ እያ ተሓቲማ ዘላ። ‘ከማዚ ደኣ ነይሩ ድዩ?’ ክብለካ የብሉን እቲ ዝሰምዓ ሰብ። እቲ ኣጻሓሕፋ ወጹእ ናይ ድራማ ኣገባብ ዝኽተል'ዩ ኢልካ እትዛረበሉ'ውን ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዝበረ ልዑል ድሌት ዝተሰርሐ ደኣ'ምበር ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ዝተመርኰሰ ኣይነበረን። እቲ ስራሕ ብዝኸታተልቲ ቅቡል ክሳዕ ዝኾነ ግን ከም መወከሲ የገልግል እዩ።

**ስለምንታይ “ትዕበ” ከም ስም መሪጽካያ? ምስ ክውንነት ዝኾነ ምትእስሳር ኣለዎ ድዩ?**

ኣቦ’ቲ ሰሎሞን ጸጋዩ ኣብ መመረቕታ ዝቐረበ ገምጋም፡ ‘ስለምንታይ ወይዘሮ ትዕበ?’ ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ ነይሩ። ትዕበስ ንሓደ እትምኖ ነገር፡ ክዕብየልካ ንእትደልዮ፣ ይኸኣለይ ንእትብሎ’ዩ፤ እዚኣስ ትዕበ ኣይትዕበ ደኣ’ ኢሉ። ክጽሕፉ ከለኹ ነታ ገጸ-ባህሪ “ወይዘሮ ትዕበ” ዝብል ስም ሂበያ። ደሓር ብዙሕ ምስ ተጋወሐት ብኡ ኣቢላ ኣርእስቲ ናይቲ ድራማ ክትከውን ተወሰነ።

ኣብ መጀመርታ ካልእ ኣርእስቲ'የ ገይረላ ነይረ። እናተዋሳእና ከለና እታ ጠባይ ምስ ሓያለት እያ ተቐዪራ። ናይ ኣጋጣሚ'ዩ፣ ንዘኽሑኸት ሰብ ኣይትውክልን እያ።

**ደበሳይ ካብ ንኢሰኻ ኢኻ ናብ ስነ-ጥበብ ኣቲኻ። እቲ መበገስን እቲ ጉዕዞን ከመይ ነይሩ?**

ተመሃራይ መበኢታ ደረጃ ከለኹ፡ ዓቢ ሓወይ መምህር ኪዳነ ወልዱ ዝበሃል ነይሩ። መምህር ኪዳነ መጽሓፍ ኣየሕተመን እምበር ጸሓፋይ እዩ ነይሩ። ኣብታ ዝመሃረላ ዝነበርኩ ቤት-ትምህርቲ ኸኣ'ዩ ዝምህር ነይሩ። ኣብ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኪዳነ ሓወይ ድራማታት ይጽሕፍ ስለዝነበረ፡ ንሰለስተ ዓመት ኣብ ድርሰታቱ ተዋሲአ። ናብ ቤት-ትምህርቲ ሓላይ ምስ ሰገርና ኸኣ ባዕለይ ክጽሕፍን ክዋሳእን ጀሚረ።

ኣብዚ እዋን’ዚ ዝጸሓፍኩዋ ቀዳመይቲ ድርሰት “ነዊሕ ዕምሩ ፍቕሪ” እትብል ነይራ። ኣብ መንጎ ተመሃሮ ጸቡቕ ተቐባልነት ረኺባ። ካብ ቤት-ትምህርትና ሓሊፉ ካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ እውን ደርኣያኣ ተባሂሉ ተረኢያ። እዚ ዓቢ ፍናን ዝፈጠረ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ካብ ቤት-ትምህርቲ ሓላይ ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ምስ ከድና “ሸንቲ ገመል” እትብል ደረሰ።

ኣብ ከም'ዚ እንከለና ናጽነት ኩይኑ። ኣብ ናጽነት ከኣ እቲ ኣብ ውሽጥና ዝጸንሐ ድሌት ዓብዩ - ኣኼ ናጽነት ተሰፉሚኺኤል፡ ነጋሲ ሱልጣንን ካልኦትን “ማሕበር ትያትር ናቕፋ” መስሪትና። ብናይ ናጽነት ተሰፉሚኺኤል “ምስጢራዊት መቓብር” እትብል ድራማ ድማ ምርኢት ጀሚርና። ኣቡታ ስራሕ ዳይረክተር እየ ነይረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መድረኽ ምርኢት ከተቕርብ እንተ ኼንካ ኣቐዲምካ ንኣባላት መማዩት ኮሚተ ከተርእያ ኣለካ። እታ ቀንዲ ጠባይ ከም'ቲ ዝደለ ኣየዕገበትኝን ነይራ። ክሳዕ ርእየም ዘፍቅዱልና ከለማምዳ እየ ኢሉ። እንተኾኑ ሽዑ ኣቕርብዋ ተባሂልና። ብምሕር ነታ ሰብ ከርእያ ዝፈተንኩዎ፡ ነታ ድራማ ብምሉኣ ኣጽኒዐያ።

ኣብቲ ምመያ እምበኣር፡ ባዕለይ ሰበይቲ ኹይነ ተዋሲአያ። ዋላ ሓደ ሰብ ከይፈለጠ ከኣ ወዲእናያ። ሳንድያ፡ ‘እዛ ሰበይትስ እዚ ዳንጋኣ ክርጉድ!’ ኢልና ኢሎኒ ደሓር። ሓሙስ ንመርኣዩ ዘቕረብናያ፡ ሰንበት ኣብ ኣደራሽ ከቕርባ ተፈቒዱና። እቲ ግዜ ሓጺር ስለዝነበረ ኣብኡ እንከለኹ ቀጺለያ። ሰብ ከይፈለጠኒ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዑደት ገርና ኣቕሪብናያ። ኣታዊ ናይቲ ምርኢታት ንህንጻት ሃገር፡ መናበዪ ደቂ-ስውኣት፡ መመስረቲ ተለቪዥን ኤርትራ፣ ወዘተ. ዝውዕል'ዩ ነይሩ።

ኣብ ባጽዕ ወከል ዜና ኣቦ'ቲ ዞባ ዝበረ መምህር ፍቓዱ ሓገስ፡ ምስኣቶም ቀረና ተላልዮምና ነይርና። ደሓር ኣብ ምርኢት ክዋሳእ ምስ ረኣየኒ፡ ‘ካበይ ዝመጽአት እያ እዛ ሰበይቲ? ምስና ኣይቀጸትን?’ ክብል ወዓለ፡ ንሽካ ምፍንካ ምስ ፈለጥኩ ብጣዕሚ ተገሪመ ኢሉኒ። ብድሕሪዚ “ኳኹቶ” እትብል ናይ መድረኽ ድራማ ጽሒፈ ናብ ዝተፈላለያ ከተማታት እናዘርና ኣርኢናያ። እዚታት ክሳዕ መጀመርታ 1992 ኣብ ዝበረ እዋን'ዩ።

ካብዚ ናብ ዜና ስራሕ ተቖጺርና እቲ ዕድላት እናዓበየ መጺኡ። ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ኣዳላዊ መደብ መንእሰያት ስለዝነበርኩ፡ መደብይ ክጽብቐለይ ድራማ ምጽሓፍ ቀጺለ። ቅድሚ ወይዘሮ ትዕበ እምበኣር፡ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ዝተፈላለየ ድራማታት ኣቕሪበ ነይረ።

**ጽሑፍ ድራማ ክትሓስብ እንከለኻ እትከተሎ ዛዕባ እንታይ እዩ?**

መብዛሕትኡ እዋን፡ ኣብ ከበቢኻ እትዕዘቦን እትሰምዖን መሰጢ ዛንታን መበገሲ ይኾነኒ እዩ። ኣጉዳሲ ዕላል ሰቕ ኢለ ሕልፍ ኣይብሎን'የ። ኣብ ሕብረተሰብ ገለ ክእለ ኣለዎ ዝብሎ ነውርታት ኣሎ። ዝኒ ብጽሑፍ ኣቕሪበ ገለ ኣበርክቶ ክገብር እሓስብ፡ ብፍላይ ኣብ ምዕቃብ ክብርታት ሕብረተሰብ ዘተኰረ። ስነ-ጥበብ ኩሉ ግዜ ቀዳሲ እዩ።

ስለ'ዚ፡ ገለ ሃገር ክገብር ኣለኒ ካብ ዝብል ሓሳብ ዘተኰረሉ ዛዕባታት ኣሎ። ነቲ ሕብረተሰብ ጸቡቕ ሃገሩ ዲኻ ከተጉልሖ፣ ጌጋኡ ዲኻ ክትምህሮ ኣበርክቶ ክህልወኒ ኣለዎ ዝብል መረዳእታ ኣለኒ። ብኸምኡ እየ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ዝጸቅጥ። ማሕበራዊ ህይወት ከኣ ባሕሪ እዩ።

ይቕጽል



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሬፓርታዥ

# ናይ ቃል በራሲ፡ ናይ መጽሓፍ ተወራሲ!

ምስትምቃር መጽሐፍ “ካብ ኦሮማዩ ናብ ኦሮማዩ” – ዶ/C ተኽስተ ፍቃዱ

ፍረህይወት ዳኒኤል

ሃማመተኤ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ሓሙስ ሓሙስ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዘካይዶ መደብ ሓበራዊ ዘተ፡ ሰሚናርን ምስትምቓር ጥበብን፡ ንደራሲ ዶር. ተኽስተ ፍቓዱ ብምዕዳም፡ መጽሓፍ “ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ” መኣዲ ምስትምቓር ቀሪቡ።

መጽሓፍ ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ፡ ካልኣይቲ መጽሓፍ ናይተን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘተኩራ ሰለስተ ተኸታተልቲ መጽሓፍቲ ዝኸርታት ደራሲ እያ። እዛ መጽሓፍ፡ ካብቲ መጽሓፍ “ጉዕዞ ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ” ዝቋረጸቶ ብምቕጻል፡ ካብ 1979 ክሳዕ 1983 ንዝነበራ ዓመታት ትትርኽ። ምዝላቕ፡ ክብደቱን ዝፈጠሮ ጸገማትን እውን ክገልጽ ፈቲኑ ይርከብ።

“መንቀሊ ጽሑፈይ ‘ናይ ቃል በራሲ፡ ናይ መጽሓፍ ተወራሲ!’ ዝብል ሓሳብ’ዩ፡” ዝበለ ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ፡ “ህዝባዊ ግንባር ‘ጉዕዞ ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ’ ብጽንዓትን ብልሕን ሰጊሩ ዓወት ኣብ ርእሲ ዓወት እንክኣናጸፍ ክዕዘብ፣ ጽኑዓት፡ ውፉያት፡ በላሕትን ፍሉይ ጅግንነት ዝፈጸሙን ሰማእታትና እዝክር።”



“ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ” ነዘን ኣብ ሰውራ ኤርትራ ነጥበ-መቐይሮ ዝነበራ ዓመታት፡ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ከፋፊላ ከተርኢ ፈቲና ኣላ። ኣብ ቃልሲ ንህላወ፡ ለውጢ ኣብ ውሽጢ ለውጢ፡ ከምኡ’ውን ጉዕዞ ደረት-ሰገር። “ሰውራ ኤርትራ ካብቲ ናይ መወዳእታ 1978 ኦሮማይ፡ ናብቲ ናይ 1983 ኦሮማይ ከመይ ገይሩ ቀይርዎ?” ዝብል ዓቢ ሕቶ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን ግዜን ሓያሎ የልዕልዎ እዮም። እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ብዓቕማ ነዚ ሕቶ’ዚ ክትምልስ ፈቲና እያ። ድሕሪ ምዝላቕ፡ ደርግ፡ ዝሰፍሐ ምድላዋት ድሕሪ ምግባር፡ ብ1982 ሻድሻይ ወራር፡ ቀጺሉ’ውን ኣብ 1983 ሻውዓይ ወራር (ሰላሕታ ወራር) ኣካይዱ። ኣይሰለጦን ግን!። ኣብ እዋን ምዝላቕን ሻድሻይ ወራርን፡ ዓለም “ኦሮማይ ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ’ዩ፡” ኢላ ዘሚራ። ኩነታት ከምቲ ዝተገመተ ስለ ዘይከደ ግን እቲ “ኦሮማይ!” ናብ ደርጊ ቀኒዑ።

ጽንዓትን ብልሕን ፍልይ ብዝበለ መልክዕ ኣብዛ መጽሓፍ ቀሪበን ኣለዋ። ዶክተር ተኽስተ፡ “ጽንዓት፡ ካብ ሓደ ዕላማ ወይ ተልእኾ ነቕ ዘይምባል’ዩ፣ ብልሒ ድማ እቲ እትኣምኖ ዕላማ ኣብ መዓልቦ ክሳብ ዝበጽሕ ብጥበብን ምስትውዓልን ምቅላስ ይምእርር፡” ብምባል የብርህ።

መጽሓፍ “ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ፡ 1979 ክሳዕ 1983” ብ2011 እያ ንሕትመት በቒዓ። “መዘከርታ ንጽንዓት-ብልሒ” ክብል ጸሓፊ ኣሰፊርዎ ኣሎ። “እዛ መጽሓፍ፡ ኣብቲ መድረኽ’ቲ ዝሰነድክዎ ሓበሬታትትን ኣብ ኣእምሮይ ዝኸዘንኩዎ ዝኽርታትን ብምጥርናፍ እየ ጽሒፈያ፡” ዝበለ ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ፣ “ብዘይካ’ቲ ውዒለዮ ኢለ ዝምስክሮ ኣብ መዝገበይ ዘሰፈርኩዎ፡ ናይ ሓፋሽ ተጋዳላይን ማእከላይ ካድርን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰውርዊት ኢትዮጲያን መረዳእታ ማሕበረሰብ ዓለምን ኣሰፊረ ኣለኹ፡” ክብል ገሊጹ።



እቶም ኣብ ወተሃደራዊ ግጥማት ፍሉጣት ቀመማት ቀመማዊ ኲናት፤ ንስርዓተ-መትኒ ዝጥቅዑ፡ ኣልመስቲ፣ መቑሰልቲ ቆርበት ዘሰዕቡ፡ ኣቃጸልቲ ቆርበትን ልፋጫዊ ሽፋንን፣ መንባዕትን ሰርሰርትን ኣፍንጫ፣ ሳይናይድ መራዚ ደም፣ ሓምሻይ ሳናቡእን ድኻም ሰውነትን ዘሰዕቡ እዮም። ካብዞም ኩሎም፡ እቶም ኣዝዮም ፍሉጣትን ኣብ መብዛሕትኡ ውግኣት ዓለም ክገልግሉ ዝጸንሑን ግን መልመስቲ ጋዛት፡ ኣቃጸልቲ ቆርብርትን ልፋጫዊ ሽፋናትን እዮም። “‘ደርግ ክጥቀመሎም ዝኽእል እንኾይኑ’ውን ካብዞም ዝተጠቕሱ ዝፍለ ኣይክኸውንን እዩ፡’ ዝብል እመት ነይሩና፡” ብምባል ንምድላው ቀመማዊ ኲናት ዝነበረ ውሁድ ተበላሓትነት ተጋዳላይ ኣሰፊሑ ዝገለጸ ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ፡ “ንመስዋእቲ መለሳ መስዋእቲ የብላን፡” ዝብል ኣረኣእያ ተጋደልቲ ዕላላት’ቲ እዋን እናሓወሰ ንዕዱም ተመኩሮኡ ከካፍል ኣምስዩ።

“ሓደ ንፉዕ ጀነራል፡ ውግኣት ምስዓር ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ዓወት ብዝወሓደ መቑሰልትን መስዋእትን’ውን ክኸውን ይግባእ፡” ፊልድ ማርሻል ሞንተጎመሪ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ሓይልታት ኪዳን መሪሑ ኣንጻር ስርዓት ሂትለር ኣብ ዝዋጋኣሉ ዝነበረ እዋን ዝበሎ፡ ደራሲ ኣብ ምዕራፍ 11፡ ‘ሓኪም ኣብ ሰውራ’ ብዝብል ኣርእስቲ ንዘሰፈሮ ጽሑፍ ዝተጠቕመሉ ኣበሃህላ’ዩ። ብዛዕባ’ዚ ጸሓፊ መጽሓፍ ‘ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ’ ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ፡ “ዓቕሚ ናይ ምውጋእ ክብ ንምባል ብቕዓት ሰራዊት ኣድላዩ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ግጥማት ውጉኣት ብጽፉፍ ምእላይ ድማ ማዕረ ኣገዳስነት ኣለዎ፡” ኢሉ። ቀንዲ ዕላማ ሓደ ወተሃደራዊ ሓኪም ድማ ምጣነ መስዋእትን ስንክልናን ከም ዝትሕቱ ይገብር፣ ከምኡ’ውን ቀሊል መቑሰልትን ስንክልናን ዘለዎም ቀልጢፎም ሓውዮም፡ ናብቲ ተመሊሶም እኩብ ሰራዊት ተመሊሶም ግቡኦም ምፍጻም ከም ዝቕጽሉ ምግባር እዩ። ነዚ ፍሉይ ተርእዮ ዘተግብር ወይ ተራ ሓኪም ኣብ ውግእ ኪንዮ ሓኪም ዝብሎ እዩ።

“ኣብ ኲናት ጽፉፍ ኣገልግሎት ሕክምና ምስ ዝህሉ፡ ሞራል እኩብ ሰራዊት ይብርኽ፡ ድሌት ምውጋእ ይውስኽ፡ ዓቕሚ እኩብ ሰራዊት ድማ ብማዕረኡ ይልዕል። እዚ ዝረጋገጽ ግን ኣገባብ ዋሕዚ ውጉኣት ኣብ ዓውደ-ውግእ ክሳብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ኣገልግሎት ሕክምና ጽፉፍ ቅጥዒ ዝሓዘ ምስ ዝኸውን እዩ፡” ዝበለ ዶክተር ተኽስተ፣ “ኣብ ሰውራ ኤርትራ ሓደ ሓኪም ብምሉእ ተወፋይነት ክሰርሕ ብኣጋጣሚ ዝመጽአ ኣይኮነን። ኣቀማምጣ ጽፍሕታት ሕክምና ምስቲ ኩነታት ዕቱቡን ቅልጡፍን ምትዕጽጻፍ ይገብር ስለዝነበረ፡ ከጋጥም ንዝኽእል ከቢድ ጸገም ናይ ምብዳህ ክእለት ተላቢሱ እዩ፡” ኢሉ። ኣስዒቡ፡ “ብስንኪ ዋሕዚ ውጉኣት፡ ጻዕቂ ስራሕን ወተሃደራዊ ግጥምን ውጉኣት ናብተን ኣብ ደጀን ዝነበራ ሆስፒታላት ብቐጻልን ቀልጢፍናን ኢና ነመሓላልፍ ነይርና። ኣብዚ ምትሕልላፍ ግን ገለ ዓበይቲ ጸገማት የጋጥሙና ነይሮም እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ ውጉኣት ኣብ መካይን ጽዒንና ምስ ወዳእና ከይተበገስና ክንጸንሕ ይሕበረና።

ምኽንያቱ ጸላኢ መሰመር ጽርግያ ብቐጻሊ ይዓግ፡ ፈንጂ ይተክል ብምንባሩ። ናይዚ ሳዕቤናት’ዚ ውጉኣት ብመደብ ዘይምትሕልላፍ፡ ካብ ልክዑ ዝሓለፈ ጻዕቂ ይሁሉ’ሞ ናይ ስራሕ ክብደት ሰማይ የዕርግ ነይሩ። ብሰንኪ ድብያን ቈረጻን ጸላኢ ዝኸሰርናዮ ዓቕሚ ቀሊል ኣይነበረን።”

ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ፡ ሓደ ሓኪም ኣብ ኲናት ውጉኣት ክኣሊ ከሎ ኣተኲሮ ክህበን ዘለዎ ሰለስተ ነጥብታት ክገልጽ ከሎ፤ ሓደ፡ ካብቶም ኩሎም ውጉኣት፡ ዝበዝሑ ናብ ዘድሕነሉ ቍጽሪ ኣተኲሩ ክሰርሕ፣ ክልተ፡ ኣብ ቅቡል ቀረባ ቦታ ኮይኑ ውግኣት ክኣሊ፣ ሰለስተ፡ ነቲ ናብ ቅቡል ተባሂሉ ዝተመርጸ ቦታ ዝበጽሑሉ ቅቡል ሓጺር ግዜ ክኸውን።

ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ ኣብቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ብልሒ መላጸ ዝተቐመጠሉ በዳሂ እዋናት፡ ተዓዛብን ተዋሳእን ብምንባሩ፡ ንተራ ፍጻሜታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ፍጻሜ ዝወሰዱ መስርሓት እውን ምስ ትንታነታቱን ደቂቕ ኣስተብህሎኡን ኣቕሪብዎ ኣሎ። ካብ 1979 ክሳብ 1983 ንዝነበረ እዋን እተዘንቱ መጽሓፍ ካብ ኦሮማይ ናብ ኦሮማይ 441 ገጻት ኣለዋ። እዛ መጽሓፍ ውልቃዊ ዝኽሪ ደራሲ ደኣ ትኹን እምበር ንብዙሕ መዳያት ቃልሲ፤ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን እውን ሽፈና ብምህላዋ ዓባይ ሰነድ ቃልሲ ይገብራ።

ኣዳራሽ ዳዕሮ ብዝፈጠሮ ናይ ኢሂን ምሂን መድረኽ ዝተሳተፈ ዕዱም፡ ንሞያዊ ብቕዓት ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱ ምስክርነቶም ክህቡ ከለዉ፡ ንብዙሕ ናይ ጽሑፍ ዕዮታቱ ዘለዎም ኣድናቖት ገሊጾም። ኣብቲ ትንፋስ ዘይህብ ኩነት፡ ናብ መጽሓፍቲ ክቕየር ዝከኣለ ሰነድ ናይ ምሓዝ ክእለቱ ንብዙሓት መንእሰያት ኣብነት እዩ።






# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ኣብ ሓዳር ኣቓልቦ ዘድልዮም ጉዳያት

መዕለቢ ዘይረኸቡ ጉዳያት ሓዳር፡ ዝበዝሕ ግዜ፡ ኣብ ሓዳር ዓቢዩ ጸቕጥን ወጥሪን ክፈጥሩ ንበር እዩ። ጸቕጥን ወጥሪን ኣብ ሓዳር ግና፡ ኣብ ጉዕዞ ሓዳር እናተፈትሑን መልሲ እናረኸቡን ስለ ዝኸዱ፡ ብኣታቶም ምስንባድ ኣይግባእን። ከም'ቲ ሂወት ብዙሕ ውረድ ደይቡን ሳዕልን ታሕትን ዝመልኦ፡ ጉዕዞ ሓዳር'ውን ኣካል ናይ'ዚ ስለ ዝኾነ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺ፡ ንዘጋጥሙ ወጥርን ጸገማትን ገጢምካ ክትፈትሖምን ክትቈጻጸሮምን እዩ ዝግበኣካ። ንዘምድና መጻምዲ ክሳብ ዝቈጻጸርዎ ክትጸበ ኣይግባእን። እቲ ምንታይ፡ ከቢድ ጸልዋ ፈጢሮም፡ ነቲ ሓዳር ኣብ ሓደጋ ከውድቕዎ ስለ ዝኽእሉ። ብወጥርን ጸገማትን ዝተዓብለለ ሓዳር ግና፡ ቅልጡፍን መሰረታዊን ፍታሕ ኣብ ምድላይ ወዲቑ ምህላዉ ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ።

ጉዳያት ኣብ ሓዳር ብዙሓትን ዝተፈላለዩን እዮም። ንሕጂ ግን ኑዩም ኣብ ተመኩሮ ሓዳር ብዝበዝሐ ዝርኣዩ ጸገማት ኢና ክንርኢ።

**ፊናንሳዊ**

ገንዘብ መንቀሳቐሲ ሞተረ ናይ ሓዳር'ዩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኣይኮነን። ካብ ኣገዳስነቱን ብዝበዝሐ ክርከብ ካብ ዘይምኽኣሉን ዝተላዕለ ድማ፡ ገንዘብ ጠንቂ ብዙሓት ጸገማት ዝምድና ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ዝበዝሐ ሓዳር፡ ዘይሰሩዕ ወይ ዘይውሕሉል ኣወጻጽኣን ኣጠቓቕማን ገንዘብ፡ ንመጻምዲ ኣብ ምጉርፋጥን ባእስን ከእትዎም'ዩ ዝርአ። በዚ ዝተበገሰ ዘይምርድዳእ ከኣ፡ ናብ ዝኸፍአ ባእስን ምሽሕካር ዝምድናን ይመርሖም። ስለዚ፡ ነዚ ቀንዲ ጠንቂ ጉዳያት ሓዳር ዝኾነ ገንዘብ ብዘየገድስ ኣብ ምዓላ ምውዓሉ መጻምዲ ብቑዓምነት ክኽተልዎ ዘለዎም መምርሒ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዋሕዱ ገንዘብ ኣብ ዝምድናታት ንዝመጽእ ዘይምርድዳእ ንምውጋድ ድማ እቲ መፍትሒ እዚን ምዚን ምብህዛል ምዃኑ'ዩም ክኢላታት ዝሕብሩ። ብሰንኪ ገንዘብ ኣብ መጻኢ ክፍጥሩ ንዝኽእሉ ጉዳያት ንምፍታሕ፡ ቀጻሊ ምምይያጥን ኣብ ኣጠቓቕማ ፊናንስ ምርድዳእን ክህሉ ኣለዎ።

**ስራሕ ብኣንጻር ስድራቤት**

ብዙሕ ግዜ ኣብ ሓዳር ጸገማት ዝልዕሉ፡ ሓደ ካብኣቶም መጻምዲ ንስራሑ ቅድሚ ስድራቤቱ ምስ ዘሰርዕ'ዩ። ኣብ ስራሕካ ብዙሕ ሰዓታት ምስራሕ፡ ዝበዝሑ ሰብ ሓዳር ኣብ ካልእ ንጥፈታት ሓዳር ንኽይዋስኡ ከም መመኽንይታ ዘቕርብዎ'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ስራሕ ነዊሕ ሰዓታት ስለዘሕለፍካ፡ ኣብ ልዕሊ ደቅኻ ክትገብሮ ዝነበረካ ምክትታል፡ ኣብ ካልእ ስራሓት ናይ ገዛ ክትዋስኦ ዝነበረካ ጉዳያትን፡ ምውንዛፍን ምምኽናይን ይርአ'ዩ። እዚ ግን ቅቡል ኣይኮነን። ሓደ መጻምዲ ብዋጋ ስድራቤቱ ነዊሕ ሰዓታት ይሰርሕ እንተደኣ ኣሎ፡ ወዲሉ ሓዲሩ ናብ ምፍራስ ገጹ ይኸይድ ከምዘሎ ክርዳእ ኣለዎ። ከም'ቲ ብሓደ ኢድካ ክጣቓዕ ዘይከኣል፡ ሓዳር ድማ ብሰብኣይ ወይ ብሰበይቲ

ጥራይ ክቕጽል ከምዘይክእል ተረዲኡ፡ ኣብ ልዕሊ ስራሕን ስድራቤቱን ዘለዎ መረዳእታ ሚዛናዊን ንዕበየት እታ ሓዳር ዝድርዕን ክኸውን ይግባእ።

**ጾታዊ ርክብን ፍትወትን**

ጉዳያት ጾታዊ ርክብ ሓደ ካብኡቶም ዓብይቲ ጠንቂ ዘይምርድዳእ ኣብ ሓዳር'ዩ። ዝበዝሕ ግዜ መጻምዲ ኣብ ጾታዊ ርክብ ዝተፈላለየ ደረጃ ባህግን ትጽቢትን ከምዘለዎም ክኢላታት ይገልጹ። እዚ ድማ ናብ መጉት (argument)ን ቅሬታ (resentment)ን መሪሑ፡ ሓደ ካብኡቶም መጻምዲ ድማ ጾታዊ ሽውሃቱ ስለዘይዓገበ፡ ናይ ዘይተፈቕረ ስምዒት ክሓድሮ ይኽእል። እቲ ሓደ መጻምዲ ድማ ክገብሮ ዘይደለዮ ነገር ንኽገብር ጸቕጢ ይፍጠረሉ ከምዘሎ ክስምዖ ይኽእል። ስለዚ፡ መጻምዲ ቅድም ቀዳድም ኣብ ጾታዊ ርክብን ፍትወትን ዘሎ ባህግታትን ትጽቢታትን ናይ ሰብኣይን ሰበይቲን ብዘይመጠን ዝተፈላለየ ምዃኑ ክርድኡ ኣለዎም። እዚ ምስ ተረድኡ ድማ፡ ፍልልያቶም ብምርድዳእ ከጽብቡን ብናይ ሓባራዊ ጻዕሪ ንጾታዊ ርክቦምን ፍትወቶምን ዝያዳ ዕድል ዝሁብ ምቹእ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ክጽዕቱን ግዴታኦም'ዩ። ቀስ ብቐስ - ብምርድዳእ ዘይፍታሕ ፍልልያት ስለዘየለ ድማ፡ ንኽልቲኦም ዘሐጉስ ሂወት ጾታዊ ርክብን ምፍትታውን ከስተማቕሩ ይኽእሉ። ጾታዊ ዕግበትኻን ባህግኻን ብዘይ ናይ መጻምድኻ ሰናይ ድሌት ማለት ብሓይሊ ከተረጋግጽ ምፍታን ግን ወዲሉ ሓዲሩ ኣብ ዝምድናኻ ዘይፍታሕ ጸገም'ዩ ዘኸትል። ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይቲን ፍልልይ ናይ ባህግን ትጽቢትን ዝፈጠሮ ጾታዊ ጸገም፡ ኣብ ኣስታት 40% ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብዝበዝሐ ከምዝርአ ይሕብር።

**ሕማቕ ልምዲታት**

ሕማቕ ልምዲታት ቀተልቲ ሓዳር ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ምንታይ፡ ናይ ሓደ መጻምዲ ሕማቕ ልምድታት ኣብ ልዕሊ መጻምዱ ብርቱዕ ጽልኣትን ሕርቃንን ከማዕብል ይኽእል። ኣብ መወዳእታ ድማ ሕማቕ ልምድታት ጠንቂ ምብትታን መጻምዲ ክኸውን ግድን'ዩ። እዚ ዝኸዕብ፡ ገለ ካብ ቀንዲ ሕርቃን፡ ብርቱዕ ጽልኢን ኣትዓቢ ባህርያትን ኲይናም፡ ናብ ኣሰከፍቲ ጉዳያት ሓዳር ክምዕብሉ ዝኽእሉ'ዮም። ብኣጋኡ ተገዚቡካ ምውጋዶም ድማ ኣብ ሓዳርካ ውሕጅ ከይመጽ መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከምዝበሃል እዩ።

• ኣብ ስጡዕና ማለት ኣብ ሓፈሻዊ ምክትታል ጥዕናኻን ጽሬትካን ሕማቕ ልምድታት ምርኣይ። ብዘወሳኺ፡ ኑበሰኻን ኣተበኒኻን ካብ ሕሞማት ዘይምክልኻል።

• ዝረስሐ ወይ ዝተኸደንቶ ክዳውንቲ ኣብ ምድራቤት ወይ መደቀሲኻ ደራቢኻ ወይ ዛሕዚሕ ኣብልካ ምኻድ።

• ምሕሳው ወይ ሓቂ ምሕባእ።

• ኣብ ልዕሊ ኣቕሓ ወይ ንብረት ገዛኻ ኣኽብሮትን ሓልዮትን ዘይምርኣይ።

• ልዕሊ መጠን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ

• ኣብ እዋን ምዝርራብ ምዕባሳል ወይ ንዓይ ስምዑኒ ጥራይ ምባል።

• ንመጻምድኻ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምውቃስ ወይ ምዝንጣል።

• ኣብ ሓዳርካ ቁልዓዊ (ዕሽላዊ) ባህርያት ምንጽብራቕ።

• ምስ ብዙሓት ተኳሻሚ ባህርያት ምርኣይ ( Flirting)።

• ንመምርሒታት ናይ ገዛኻ ብቐጻሊ ምቅይያርን ምጥሓስን።

• ንደቅኻን ንመጻምድኻን ምዕዛምዛምን ምቁያቑን።

• ጽሬት ኣካላትካ፡ ጽሬት ክዳውንትኻን ግርማኻን ሸለል ምባል።

• ኩሉ ግዜን ኣብ ኩሉ ነገራትን ንዋሕስ ርእስኻ ብቐዳምነት ምስራዕ ወይ ዓብላሊ ክትከውን ምፍታን።

• ንእምነትን መረዳእታን ኣዕሩኽ፡ መሳርሕትኻን ስድራቤትን ብኽፉት ምንቃፍ ወይ ብኽፉእ ዓይኒ ምጥማት።

• ብጻብኡ ድማ ኣብ ልዕሊ መጻምድኻን ደቅኻን ተገዳስነት ምጉዳል።

ሕማቕ ልምድታት እዞም ዝዘርዘርናዮም ጥራይ ኣይኮኑን - ብዙሓት'ዮም። ሕማቕ ልምዲ መጻምዲ ድማ ዋላ ንእሹቶይ ትኹን፡ ምስ ግዜ እናዓበየትን እናበኣሰትን ስለእትኸይድ ኣብ ሓዳር ንቕድሚት ብጽቡቕ ንኸይትሰገም ክትዓግተካ ግድን'ዩ። ስለዚ፡ መጻምዲ እዞም ልዕል ኢሉም ዝተጠቕሱ ሕማቕ ልምድታት ተንጸባርቑ እንተደኣ ሃሊኹም፡ ነዊሕ ዝጸንሐ ሕማቕ ልምዲታት ድማ ከተወግድዎ ስለዘሸግር፡ ምስ መጻምድኻ ብምትሕብባር ብኣጋኡ ምውጋዶም ውሕስነት ሓዳርኩም ምኻኑ ኣይትዘንግዑ።



## ርእሰ-ምትእምማን ኣደ ዘበርኹ ሓሳባት

ሓንቲ ኣደ፡ ደቃ ኣብ እተዕብየሉ ሓላፍነት ምስ ዝኽብብዋ ምዕባይ ቈልዑ ፍርሓት ምስ ዝፈጥረላ፡ ጸቕጢ ክገብረላ ግድን'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብ'ዛ እንኹብረላ ዓለም ፍጹምነት ዝበሃል ነገር ስለዘየሉ፡ ፍጽምቲ ኣደ ክትህሉ ከምዘይትኽእል ምግንዛብ የድሊ። እዚ ማለት ከኣ ዕውትቲን ርእሱምትእምማን ዘለዋን ኣደ፡ ፍጽምቲ ኣደ ማለት ዘይምዃኑ'ዩ ዘረድኣና። እዛም ዝስዕቡ፡ ሓንቲ ኣደ ኣብ ናብራኣ ርእሰ ምትእምማን ንኽህልዋ ዝሕግዙዋ ነጥብታት'ዮም። ዝኣዩም ምፍላጦም ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጸቕጠታት ንኽትገላገል ይሕግዙ።

- ኣብ ሓንቲ ስድራ ደኺታት ደቂም እንታይ ምኳኑ ብዘበለጸ ዝፈልጡ ኣቦን ኣደን - ብፍላይ ድማ ኣደ'ያ። ሓንቲ ኣደ ደኺታት ደቃ ብዘበለጸ እትፈልጥ ምኳና ምስ እተስተውዕል፡ ርእሰ ምትእምማና ብኡ ገይሩ ከምዝዓቢ ክኢላታት ይገልጹ። ስለዚ፡ እቲ ሓቂ እዚ ምኳኑ ተረዲኣ፡ ኣደ ኣብ ደቃ እትገብሮ ነገር ብርእሱምትእምማን ክትትግብሮ ኣለዋ።

- ኣቡት ወላዲትካ ምውሳድ'ውን ጽቡቕ ርእሱምትእምማን ዘሕድር'ዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ሓንቲ ኣደ ነቲ ወላዲታ ኣብ ምዕባይ ደቃ እትኽተሎ ዝበረት ጽቡቕ ኣብነታት፡ ኣብ ሓዳራ'ውን ከተንጸባርቖ ኣለዋ። እዚ፡ ርእሱምትእምማና ከተዕብን ካብ ጌጋታታ ክትመሃርን ይሕግዙ።

- ጥቡብ ዝመልኦ ናይ ምውሳን ሚላ ምኽታል ርእሱምትእምማን ኣደ ዘዕቢ እዩ። ሓንቲ ኣደ፡ እቲ ንዓኣን ንስድራኣን ዘበድሶም ነገር እንታይ ምኳኑ ናይ ምውሳን ባህሪ ክህልዋ ኣለዎ። ቀዓምነታታ'ውን ኣብዚ ዓንኬል'ዚ ዝተሃንጹን እትወስዶም ውሳኔታት ድማ በዚ መንጽርዚ ዝተሰርዑን ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ማለት እቲ ንዓኣን ንስድራኣን ዝበለጸ'ዩ እትብሎ ጥራይ ክትገብር ወይ ክትመርጽ ይግባእ። ጎድኒ-ጎድኒ'ዚ ተዓጻጻፊ ባህሪ ሃልዩዋ፡ ጌጋታት ኣብ እትፍጽመሉ ካብ ጌጋታታ ክትመሃር ደኣ'ምበር ብዛዕባ ጌጋታታ ክትጭነቕ ኣይግባእን።

- ናይ ዓቕሊ ስምዒት ምምዕባል'ውን ርእሰ ምትእምማን ኣደ ዘበርኽ'ዩ። እዚ ከኣ፡ ኣቢ'ቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ናይ ጸቕጢ ኩነታት፡ ከይሓረቐትን ከይተረበሸትን ዓቕሊ ንኽትመሃር፡ ካብ ዓበይቲ ሰባት ምኽሪ ክትሓትት ጽቡቕ'ዩ።

- ናይ ኣኽብሮት ስምዒት ምምዕባል ተወሳኺ ርእሰ ምትምማን ዘሐይል እዩ። ከም'ቲ ካብ ካልኦት ሰባት ክኽበርን ኣኽብሮትን እትጽበ፡ ብወገና'ውን ንካልኦት ሰባት ከምኡ ክትገብር ኣለዋ።

- ናይ ጽንዓት ስምዒት ምምዕባል - እዚ ማለት ደቃን ስድራቤታን ዝምክሑላ እምንቲን ፍትንቲን ኣደ ንምኳን ናይ ጽንዓት ስምዒት ከተማዕብል ይግባእ።

- ሚዛናዊ ስምዒት ምምዕባል ንዕዕሉ ርእሰ ምትእምማን ኣደ ዘዕቢ እዩ። ስለዚ፡ በዓሀቲ ኩነታት ኣብ ዘጋጥሙዋ ግዜ፡ ኣብ'ቲ ዘበድስ ጉዳይ ኣድህቦ ሂባ ቅኑዕን ሚዛናውን ውሳኔ ንኽትወስን ክትጽዕት ኣለዋ።

- ርእሰኻ ናይ ምግታእ ስምዒት ምምዕባል፡ ናይ ህድኣት ስምዒት ምምዕባል፡ ናይ ሓጎስ ስምዒት ምምዕባል፡ ናይ ምፍቃር ባህሪ ምምዕባል'ውን ንሓንቲ ኣደ ኣብ ኩሉ ንጥፈታታ ሓይሊን ሞራልን ክሀብን ኣብ ሓዳራ ዝጋጥማ ጸቕጢ በዲሃ ርእሰ ምትእምማን ዘለዋ ኣደ ክትከውንን ይሕግዙ።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | ፊልም ቻይና |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ደኩመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ዋልታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Occupational Hygienist
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

## Major Duties and responsibilities.

- To implement and maintain the Industrial Hygiene and occupational health management systems designed to prevent injury and illness to employees from the exposure to chemical, physical, biological and ergonomic hazards, in a professional manner that is safety conscious, environmentally aware and considerate of the sensitivities of external relationships.

## Health and Safety Management

- Develop and review strategies, annual goals and plans for development of the site Industrial Hygiene and Occupational Health programs. These strategies and goals will be in line with the overall HS program.

## Planning and Analysis

- Ensure that Health Hazards Assessments and physical capability analyses are completed and maintained for all similar exposure Groups (SEG's) throughout the operation.
- Establish and maintain a routine monitoring program for identified exposure hazards. Implement and monitor the effectiveness of control measures.
- Assist with the design and implementation of special programs to correct adverse IH/OH trends.
- Establish and maintain a database for the collection and analysis of data by individual and SEG.

## Module Development

- Develop and implement training and awareness programs for IH/OH related topics.

## Execution

- Conduct assessments to identify and control health hazard exposures.
- Support and assist with the management of occupational medicine program activities such as biological monitoring and medical surveillance.
- Oversee the employee pre-placement and annual medical examinations.
- Act as an adviser for supervisors and employees regarding IH/OH procedures, regulations, trends and sample results.
- Participate in the investigation of occupational illness cases.
- Conduct inspections of Contractor worksites and assess Contractor OH&H program status.
- Specify key result areas are:

o Air monitoring
o Biological Monitoring/Medical Surveillance
o Radiation Safety
o Audiometric Testing
o Respiratory Protection
o Reporting Industrial Hygiene monitoring to employees and government agencies as required

## Evaluation and Maintenance

- Establish systems to evaluate and control health hazard exposures to personnel in the workplace.
- Follow up on IH/OH related corrective actions items to ensure actions have been effectively implemented.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- A Bachelor's degree in industrial hygiene or related field, or an equivalent combination of training and experience are necessary.

Working Experience – Nature & Length

- Minimum of 6 years' generalized experience in Occupational Hygiene in the mining, industrial manufacturing or oil and gas industry
- Technical knowledge of international, government safety and industrial hygiene regulations
- Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment

Technical Skills

- Air, dust, fumes etc. sampling skills.
- Technical skills in instrument calibration.
- Technical knowhow in replacing sensors of industrial scientific monitors.
- Technical skills in radiation monitoring.
- Technical knowledge in weighing filters, analyzing filters and results
- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Strong stakeholder engagement skills.
- Strong communication (written and verbal) and interpersonal skills.
- Strong planning, organizing and prioritizing skills.
- Strong leadership and management skills.
- Sound decision making skills
- Plan, organize, execution skills and attention to detail
- Valid Driver's License
- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)

Behavioral Skills

- Approachable | Assertive | Customer Focused | Goal Oriented | Influential | Initiative | Leadership | Pro-Active | Reliable | Results Driven
- Commitment to deliver on agreed targets

## General Information and other requirements:

* Place of Work: Debarwa
* Type of contract: Indefinite Period
* Salary: As per the Company salary scale

## Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

*Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

* Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara

* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## General Information and other requirements:

* Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
* Type of contract: Indefinite Period
* Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

* Note to Non- Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

ኣነ ኣድሓኖት ዘሞ ገብረመስቀል ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም.05 ጉደና ዳምማዊ ምንሊክ (ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ) ሎታ 50 ቁ.ፓርቸላ B ቁጽሪ ገዛ 13 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111135 መመዝገቢ ቁጽሪ 122750 ብስም ወላዲተይ ኣፍ:ትብርህ ምሕጹን ፍስሃየ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ወላዲተይ ብወርሲ ስለዝረኸብክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ኣድሓኖት ዘሞ ገብረመስቀል

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውዕሎ ካልኣይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ

### መርሃዊን ኣኽሊሉን ማልያታቶም ዓቂቦም

ትማሊ ብናይ ካልኣይቲ መድረኽ ዕማሙ ኣብ ዝቐጸለ ዙር ሩዋንዳ 2024፡ ተቐዳደምቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መርሃዊ ቅዱሰን ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ኣብ ቀዳማይቲ መድረኽ ዝሓዝወን ማልያታት ክዕቅብወን ክኢሎም። ኣኽሊሉ ብዘውሃኾ፡ ንማልያ ብሉጽ መንእሰይ ለቢሰዋ።

ኣብ 129.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ተቐዳዳማይ እስራኤል ፕረሚር ተክ ኢታማር ኢንሆርን እዩ ብቐጽበታዊ ውድድር - ብ3 ሰዓት፡ 17 ደቒቕን 31 ካልኢትን ተዓዊቱላ። ኣብኡት ሶዳልኪፕ ስተፕ ዝኾኑ ጁንገር ለቻፍርን ፐፒን ሬንደራኢንክስን ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም።

ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱሰን ትሰፋው ተቐዳዳማይ ኣኽሊሉ ኣረፋይነን ድማ፡ ግዜ ከይከሰሩ ብተኸታታሊ - መበል 10ን 11ን ደረጃ ሒዞም። ናህም ዘርኣይ፡ ያፌት ምሉጌታን መትከል እዮብን እውን ብተመሳሳሊ፡ ግዜ ከይከሰሩ - መበል 22፡ 31ን 49ን ተርታ ተሰሪዖም።

በዚ መሰረት፡ ብዮዜ ኢትማር ክመርሕ እንከሎ፡ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታና ከኣ ብዘይ ዝኾነ ናይ ግዜ ፍልልይ ተመሳሳሊ ኣብዛ መድረኽ ዝሓዝዎ ደረጃ ሒዞም ኣለዉ። ንማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ተቐዳዳማይ ማውረሸሽ ኣለክሳንድረ ማጽር ብሸሞንተ ነጥቢ ለቢስዋ ኣሎ። ንናይ መንእሰያት ማልያ ከኣ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ዓቂብዋ ይርከብ። ኣብዚ ናይ መንእሰያት ውድድር ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ባይክ ኤይድ ዩኤል ሃብተኣብ እዩ ካልኣይ ዘሎ። መርሃዊ ከኣ ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ተባሂሉ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ናይ ጋንታ ውድድር፡ ሶዳል እያ ብ10 ሰዓት፡ 13 ደቒቕን 5 ካልኢትን ትመርሕ ዘላ። ኤርትራ - ንሓሙሽተ ኤውሮጳያን ክለባት ሰዒባ ካብ መራሒት - 1 ደቒቕን 7 ካልኢት ድሕሪ ሻዱሻይቲ ትርከብ።

ንመበል 16 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ዙር ሩዋንዳ፡ ብሰንበት ብናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ኣብ ዝፈለመሉ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሻዱሻይ ደረጃ ምሓዛ ይፍለጥ። ናይ 2019 ዕወት እዚ ውድድር ዝበረኸ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተመለሰን መርሃዊ ቁዱስ - ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ፡ ኣኽሊሉ እውን ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ተባሂሎ ፖድዩም ደይቦም ነይሮም።

እዚ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፡ ኣብ ታሪኽ ዙር ሩዋንዳ ንፈለማ ግዜ እዩ ተኻይዱ። ብጋንታ ደረጃ ኣብ ዝግበር ናይ ግዜ ውድድር ግን፡ እዚ ናይ ሰንበት ውድድር ከምዝይሕሰብ ወይ ከምዝይጽብጸብ ተሓቢሩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ዘሎ ዓይነት ወይ ፍልልይ ናይ ብሽክሊታ፡ ኑቲ ናይ ግዜ ውድድር ብዙሕ ፍልልይ/ጋግ ከይፈጥረሉ ካብ ምግባል እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ'ዚ ውድድር ዝሳተፉ ዘለዋ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ናይ ክሮኖሜተር ብሉጻት ብሽክሊታታት ሒዘን ክቐርባ እንከለዋ፡ ገለ ኣፍሪቃውያን ሃገራውያን ጋንታታት ግን፡ ዝ ውድድር ዝበቕዓ ብሽክሊታ ከምዘይብለን ይሕበር። በዚ ከኣ እቲ ናይ ጋንታን ናይ ብዮጊ ማልያን ናይ ግዜ ውድድር፡ ካብ'ታ ናይ ትማሊ ካልኣይቲ መድረኽ እዩ ፈሊሙ።

በዚ መሰረት፡ ካብ ኣብ ከተማ ኪጋሊ ዝተኻየደት ናይ 18.3 ኪሎሜተር ውድድር፡ በልጀዩማዊት ክሉብ ሶዳልኩክ ስቴፕ እያ ተዓዊታትላ - ብ20 ደቒቕን 32 ካልኢትን። ዋላ'ኳ፡ ግዜ ኣይተሓሰበሉ - ኣባል እዛ ጋንታ ዝኾነ ጆናታን ሸርሸን ግን፡ ብውልቁ ከም ዕውት እዛ መድረኽ ብዮጊ ማልያ ወዲዩዋ ነይሩ። ንጉዳም ተቐዳደምቲ ክረስ ፍሩም ሒዛ ዘላ እስራኤል ፕረሚር ተክ ከኣ 36 ካልኢታት ጥራይ ድሕሪ ካልኣይቲ ክትስራዕ እንከላ፡ ሎቶ ደስትኒ - 52 ካልኢታት ተፈንቲታ ሳልሳይቲ ተሰሪዓ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብ ዕውትቲ 1 ደቒቕን 7 ካልኢት ድሕሪ እያ ሻድሻይቲ ተሰሪዓ። ንሓሙሽተ ክለባት ኤውሮጳ ተኸቲላ፡ ንኹለን ኣፍሪቃውያን ሃገራውያን ጋንታታት ቀዲማን እያ ውድድራ ዛዚማ። ኣሰናዳኢት ሃገር ሩዋንዳ ድማ፡ 1 ደቒቕን 24ን ካልኢትን ድሕሪ ታሻዐይቲ ተሰሪዓ። ብዘይካ'ዚ፡ ንኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዳዊት የማነን ዩኤል ሃብተን ዝሓዘት ባይክ ኤይድ፣ ንዳውት ኣማን እተሰልጥን ዘላ ናይ ዩሲኣይ ጋንታ - ብተኸታታሊ መበል 14ን 15ን ተሰሪዐን ነይረን።



## ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ነጥቢ ተማቒለን

ብቐድሚ ትማሊ ልዑል ግምት ዝተዋህቦ ጸወታ ዓበይቲ ጋንታታት ዞባ ማእከል ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን፡ ብናይ ማዕሪ ውጽኢት ተዛዚሙ።

እዘን መቐናቕንቲ ጋንታታት፡ ኣብ ሳልሳይቲ ሰሙን ግጥማት ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል እየን ተራኺበን። ዝሓለፈ ዓመት ብጸብለልታ ሸቶ ሻምፕዮን ዝኾነት ደንደን ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ኣብ መበል 27 ደቒቕ ካብ ሳልሕ ስዑድ ብዝረኸበቶ ብልጽቲ ሸቶ መራሕነት ሒዛ ንዕረፍቲ ኣምሪሓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ብኣጋኡ እተመዓራረየ ሸቶ ንምርካብ ዝጸዓረት ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መበል 46 ደቒቕ ካብ ኣጥቃዓይ የናታን ሃጸረኣብ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ድሕሪኣ ሸቶ፡ እዚ ጸወታ ሓርፋፍን መውደቕቲ ዝበዝሖን ብምንባሩ ንተጻወትቲ ኣደዳ ማህረምቲ ክኾኑ'ውን እንከሎ፡ እቲ ግጥም እውን ክበሓል ተራእዩ። በዚ ከኣ ኣብቲ ዝበዝሐ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ግዜ እተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ጸወታ 1-ብ1 ተዛዚሙ። እዘን ጋንታታት፡ ዓሚ'ውን ብማዕሪ ምፍልላየን ይዝከር። በዚ ወጽኢት፡ ክልቲአን ማዕሪ ሽውዓተ ነጥቢ ኣዋህሊለን ኣለዋ። ሳልሕ ስዑድ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተጸዊዑ።

ድሕሪ'ዚ ጸወታ፡ ኣሰልጣኒ ደንደን ሳምሶም ሃብተማርያም፡ "ጥንቃቐ ዝመልኦ ጸወታ እዩ ነይሩ። እቲ ጸወታ ሓርፋፍ ዝኾነ ድማ፡ ብኽልቲኡ ዘይተኹ ዓወት ካብ ምድላይ ዝተላዕለ እዩ። ሓርፋፍ ጸወታ ጽልዋኡ ከቢድ እዩ፣ ተጻዊቱ ጸኩቕ ጸወታ ክርእዩ ኣይክእሉን። ኣብ ዝቕጽል ግን ከዕርዮ ኢና። ብጠቕላላ ተጻወትተይ ድማ፡ እተኣማመነ እየ፣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብርና ክንዕቅቦ ኢና።" ኢሉ።

ዓሳሚ ቀይሕ ባሕሪ ኤርሚያስ ተወልደ ብወገኑ፡ "ኣብ ምክልኻል ዘድሃብ ጸወታ ብምጽዋትና ሸቶ ተመዝጊቡና፡ ኣብ መጻኢ ግን ክመሓየሽ ኢና። ናይ ክልቲአን ጋንታታት ተጻወትቲ ጉልበት ይጥቀሙ ብምንባሮም ከኣ ጸወታ ተደጋጋሚ በደል ተራእዩ። ዘይተሳዕርት መንፈስ ኣብ ክልቲአን ጋንታታት ከምዝሎ ዘርኢ እዩ። ተጻዋርነት ዳኛ ድማ ተራእዩ እዩ፡ ብዮጊ ካርድ ሂቡ፡ ብቐይሕ ምውጻእ'ም ነይሩ። ኣብዛ ጸወታ፡ ካብ ደንደን ዘምጻእናዮም ተጻወትቲ ከምቲ ዝደለ ኣይነበሩን ብቕዓቶም ጎዲሉ። ምስ ግዜ ግን ብቕዓቶም ክምለስ ይኽእል እዩ።" ኢሉ።

ቅድሚ'ዚ ጸወታ፡ ኣዱሊስን ኣልታሕረርን ተጋጢመን ነይረን። ኣልታሕረር፡ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ካብ የናታን ተኽስተ ብዝረኸበቶ ሸቶ 1-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣዱሊስ ተጻዋታይ ኣልታሕረር ወደብ ፍስሃየ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ናብ ገዛእ ልዳቱ ብዘመዝገቦ ሸቶ ተመዓራረያ ነይራ። ይኹን'ምበር፡ ኣልታሕረር፡ ድሕሪ ሸሞንተ ደቓቕይ ካብ ሚሮን ዓንዶም ካልኣይቲን መዕወትቲን ሸቶ ኣመዝጊባ፡ 2-ብ1 ሰዒራ።

ዛጊት ኩለን ጋንታታት ሰለስተ ግጥማት ኣካዪደን ኣለዋ። ኣስመራ በራ፡ ብትሸዓተ ነጥቢ ክትመርሕ እንከላ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደንደንን ኣልታሕረርን ኻኢ ወከፈን ሸውዓተ ነጥቢ ሒዘን ይስዕባ። ጎዳይፍ ሸዱሸተ፡ ማይ ተመናይ ኣርባዕተ፡ ኩጣንያ ሰምበል ሰለስተ ነጥቢ ከዋህልላ እንከለዋ፡ ኣዱሊስ፡ ገዛ ባንዳን ኩጣንያ ሰገንን ግን፡ ነጥቢ ዘይብለን ጋንታታት እየን።

እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ጽባሕ ሓሙስ፡ ማይ ተመናይ ምስ ኣዱሊስ፡ ኩጣንያ ሰምበል ምስ ኩጣንያ ሰገን፡ ከምኡ'ውን፡ ገዛ ባንዳ ምስ ደንደንን ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል ምኻኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## "ብምውጻእ ሮናልዶን መሲን ኣይተሃሰናን" ፕረዚደንት ላ'ሊጋ

ፕረዚደንት ላ'ሊጋ ጃቪር ተባስ፡ ብምውጻእ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን እቲ ሊግ ከምዘይተሃሰየ፡ ምጣፐ ናብ ሪያል ማድሪድ እንተመጽኡ ድማ - ምስ ፕሪመር ሊግ ዘሎ ፍልልይ ንምጽባብ ከሕግዞም ምኻኑ ገሊጹ።

ብርቂ ተጻወትቲ ናይ'ዚ ዘመን ዝኾኑ ሮናልዶን መሲን ኣብ ላ'ሊጋ ብተኸታታሊ ምስ ሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን ኣብ ዝፀበርሉ እዋን እቲ ሊግ ዝያዳ ሱሓቢ ምንባሩ ይእመን። ብፍላይ እዘን ጋንታታት ኣብ ዝራኸብሉ ግጥም ኤል-ክላሲኮ፡ ዓቢ ሽፋን ዝወሃቦን ሚልዮናት ተዓዘብቲ ዝስሕቦን ጸወታ ምንባሩ ይዝከር።

ይኹን እምበር፡ ሮናልዶ ኣቐዲሙ ኣብ 2018 ናብ ጁቬንቱስ ምስ ተሰጋገረ፡ መቐረት እዚ ሊግ ብፍላይ ጸወታ ኤል-ክላሲኮ ብመጠኑ ከምዝጎደለ ብዙሓት ተንተንቲ ይሰማምዑ። መሲ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ናብ ፒኤስጂ ምስ ተሰጋገረ እሞ፡ መቐረት እዚ ሊግ ጉዳሉ ዝበሉ ወገናት ክበዝሑ ተራእዩ። ብመንጽሩ፡ ፋይናንሳዊ ኣታዊታቱ ይኹን ተወዳዳርነቱ ከምዝይቕንስ ዝሕብሩ'ውን ነይሮም እዮም።

ተባስ ብወገኑ፡ ምውጻእ ናይ'ዞም ተጻወትቲ ላ'ሊጋ ከምዘይተሃሰየ እዩ ዝዛረብ፡ "ሮናልዶን መሲን ዝኾነ ሃሰያ ኣየውረዱን፣ ምኽንያቱ ኣይጎደልናን፡ ብርግጽ ግን፡ ንሶም እንተዘህልዉ ብቐልጡፍ ምዓበና።" ይብል ተባስ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ሊግ ፈረንሳ፡ መሲ፡ ነይማርን ምባፐን ኣብ ዝፀበርሉ እዋን ኣይዓበየን። ሮናልዶ ናብ ኢጣልያ ከይዱ፣ እንተኾነ ኢታዊ ሊግ ሰሪ'ኣ ኣይወሰኸን። ናትና ሊግ ግን ንዓኦም (ንሮናልዶን መሲን እዩ) ከሰርናዮም ከለና ዓቢዩ። እቲ ምኽንያት፡ መወልቲትን ማዕከናት ዜናን እቲ ቀንዲ ዝገድሶሉ ናይ ውድድር ቁጠባዊ ርጉእነት እዩ። ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ኣዝዩ ተወዳዳሪ ኮይኑ ክቕጽል እዩ። ሊግ እስጳኛ፡ ኩሉ ግዜ ብሉጻት ተጻወትቲ ኣለዉዎ። ኣብ'ዛ ዓመት እኳ እቲ ናይ ዓለም ዝበለጸ ተጻዋታይ ጁድ በሊንግሃም ኣለና። ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ሌዋንዶውስኪ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኣሎ፣ ግሪዝማን እውን ኣሎ። ምባፐ እንተመጺኡና ከኣ ዝያዳ ተወዳዳሪት ክንኸውንን ብቐልጡፍ ክንዓቢን ክሕግዘና እዩ።" ኢሉ።

ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ኪሊያን ምባፐ፡ ኑቲ ምስ ጋንታኡ ዘለዎ ውዕል (ዝመጽእ ወርሒ ሰነ እዩ ዝበቅዕ) ከምዘይሐድሶ ምግላጹ ይፍለጥ። ዋላ'ኳ፡ ካብ'ዚ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚሩ ስሙ ምስ ሊቨርፑልን ማን ሲቲን ተጣሚሩ ክለዓል እንተተሰምዐ፡ ኣብ'ዛ እትመጽእ ዘላ ክረምቲ ግን፡ ናብ ሪያል ማድሪድ ክጽምበር ዘለዓለ ተኽእሎ ከምዘለዎ እዩ ዝእመን።

እቲ ዓብላሊ ሊግ ኩዕሶ እግሪ፡ ናይ እንግሊዝ - ፕሪመር ሊግ ምኻኑ ይግለጽ። ኣብ ኤውሮጳ እቲ ዝሳበተመ ሊግ'ውን ንሱ እዩ። እንተኾነ፡ ተባስ ሽሕ'ኳ ፕሪመር ሊግ ብድምር ባጀት ብ1.8 ግዜ ካብ ላ'ሊጋ ከም ዝዓቢ እንተገለጸ፡ ብስፖርታዊ መዳይ፡ ላ'ሊጋ ዝለዓለ ሊግ ምኻኑ እዩ ዝገልጽ።



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ**

ኢንተር ሚላን - ኣትሌቲኮ ማድሪድ

11፡00 ምሸት

ፒኤስጂ - ቦሩሽያ ዶርትሙንድ

### ውጽኢት ቀዳመ ሰንበት ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ

**ፕሪመር ሊግ**

ብሬንትፎርድ 1 - 4 ሊቨርፑል
በርንሊ 0 - 5 ኣርሰናል
ኒውካስል 2 - 2 ቦርንማውዝ
ፉልሃም 1 - 2 ኣስተን ቪላ
ኖቲንግሃም 2 - 0 ዌስትሃም
ቶተንሃም 1 - 2 ዎልቭስ
ማን ሲቲ 1 - 1 ቸልሲ
ሸፊልድ 0 - 5 ብራይተን
ሉቶን 1 - 2 ማን ዩናይትድ

**ላ'ሊጋ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ 5 - 0 ላስ ፓልማስ
ሰልታ ቪጎ 1 - 2 ባርሴሎና
ቫለንሽያ 0 - 0 ሰቪያ
ራዮ ቫዮካኖ 1 - 1 ሪያል ማድሪድ

**ሰር'ኣ**

ኢንተር ሚላን 4 - 0 ሳለርኒታና
ናፖሊ 1 - 1 ጀኖኣ
ቨሮና 2 - 2 ጁቬንቱስ
ኣታላንታ 3 - 0 ሳሱሎ
ላዚዮ 1 - 2 ቦሎኛ
ፍሮሲኖን 0 - 3 ሮማ
ሞንዛ 4 - 2 ኤሲ ሚላን

**ቡንደስሊጋ**

ዎልፍስቡርግ 1 - 1 ቦሩሽያ ዶርትሙንድ
ሄደንሃይም 1 - 2 ባየር ለቨርኩሰን
ቦኹም 3 - 2 ባየር ሙኒክ

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ናንተስ 0 - 2 ፒኤስጂ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኤስያ - ኤውሮጳ፡ ወጻኢታት ጽዕነት መራኽብ ብ400% ወሲኹ

ኣብ ማያት ኣህጉራዊ ማስመር ቀይሕ ባሕሪ ብሰንኪ ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋጽ፡ ንግዳዊ ኣቕሑ ካብ ቻይና ናብ ኤውሮጳ ብመራኽብ ናይ ምጉዕዓዝ ወጻኢታት፡ ብኣስታት 400 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ኮሚሽነር ቁጠባ ሕብረት ኤውሮጳ ፓውሎ ጀንቲሎኒ ሓቢሩ።

እቲ ብዓልስልጣን ኣብ ሓበሬታኡ ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ'ቲ የመናውያን ዕጡቓት ሑቲ ኣብ ልዕሊ በቲ ማስመር ዝመላለሳ ንግዳውያን መራኽብ ሃገራት ምዕራብ ዘካይድዎ ዘለዉ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ እተን መራኽብ ካብ ቻይና ንኤውሮጳ ንምእታው ዝወስደለን ግዜ ብ10-15 መዓልታት ከምዝወሰኸ ገሊጹ።

ጸጥታዊ ዘይምርግጋጽ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ፍታሕ ክረክብ እንተዘይክኢሉ'ውን፡ ወጻኢታት ናይቲ ካብ ቻይና ዝመጽእ ጽዕነት መራኽብ ካብዚ ዘለዎ መጠን መሊሱ ክወሰኽ ከምዝኽእል፡ እቲ ኮሚሽነር ኣጠንቂቑ።

እንተኾነ፡ እቲ ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ ንግዳዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣብ ዝንገረሉ ማያዊ ማስመር ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ንመጠን ቁጠባዊ ዝቕባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ከሕሮ'ዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘይብሉ፡ እቲ ብዓልስልጣን ኣብ ሓበሬታኡ ኣመልኪቱ።

ሓያለ ካብ'ተን ብቐይሕ ባሕሪ ክመላለሳ ዝጸንሓ ንግዳውያን መራኽብ፡ ብሰንኪ ካብ ዕጡቓት ሑቲ ክፍነወለን ብዝጸንሐ ተደጋጋሚ ናይ ሚሳይላትን ድሮናትን መጥቃዕቲ፡ ነቲ ማስመር ጠንጢነን ብ'ጸንፌ ጽቡቕ ተስፋ' (ደቡባዊ ማያት ደቡብ ኣፍሪቃ) ተኻኢለን ንኤውሮጳ ክኣትዋ ተገዲደን ከምዘለዋ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዕጡቓት ሑቲ ንፈለማ ግዜ ብትሕቲ ባሕሪ ዝጓዓዝ ድሮናት ከምዝዖጠቑ ሚእከላይ እዚ ኣመሪካ ሓቢሩ።

እቲ ወተሃደራዊ እዚ ብሰንበት ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢሉ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቶም ዕጡቓት ብትሕቲ ባሕሪ ተሓቢኦን ዝጓዓዛ ቦምባታት ዝጾዓና ሰብኣልቦ ጀላቡ (ድሮናት) ተጠቒሞም፡ ኣብ ልዕሊ መራኽብ ወግእ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ከምዝፈተኑ፡ እንተኾነ ካብ ሓይሊ-ባሕሪ ኣመሪካ ብዝተዋህበ ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ እቲ ፈተነ ከምዝፈሸለ ገሊጹ።



## ኢኳደር፡ ንኣመሪካ ኣጽዋር ሩስያ ክትሸጠላ ዝነበረ ውጥን ሰሪዛ

ኢኳደር፡ ግዜኡ ዝሓለፈ (ዘመናዊ ዘይኮነ) ወተሃደራዊ መሳርሒታት ሩስያን ዩክሬንን ንኣመሪካ ክትሸጠሉ ዝነበራ ውጥን ከምዝሰረዘቶ ኣፍሊጣ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ'፡ ኢኳደር ነቲ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ካብዘን ሃገራት ዝሸመተቶ ኣጽዋር፡ ተተኪእትን ካልእ ወተሃደራዊ መሳለጥያታትን፡ 200 ሚልዮን ዶላር ብዝዋጋኡ ሰርሓት ኣመሪካ ዝኾኑ ካልእ ዘመናዊ ኣጽዋር እያ - ምስ ኣመሪካ ክትለዋወጦ ወሲና ነይራ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ ነቲ ኣጽዋር ተረኪባ ብቐጥታ ናብ ዩክሬን ብምልኣኽ ሓገዝ ክትልእኽ መደብ ከምዘለዋ ዝገለጸት ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ኢኳደር ብዘቕረበቶ ሓያል ጸቕጢ - እቲ መደብ ክስረዝ ከምዝኸኣለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ኢኳደር ቭላድሚር ስፕሪንቻን፡ ንወከልቲ ኣገልግሎት ዜና ሩስያ (RIA) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ ፕረዚደንት ዳኒኤል ኖቦዋ ተራኺቡ ድሕሪ ምዝርራቡ፡ ኢኳደር ካብ'ቲ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ኣደን ዝመልሱሉ ዘለዋ ግጭት ዩክሬን ንምርሓቕ ክትብል ነቲ መደብ መሸጣ ኣጽዋር ከም ዝሰረዘቶ ኣረጋጊጹ።



ኣመሪካ፡ ነታ ብሕጽረት ኣጽዋርን ተተኪእትን ትጥርዕ ከምዘላ እትገልጾ ዩክሬን ንምሕጋዝ፡ ኣብ ኣድ ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን ዝርከብ ግዜኡ ዝሓለፈ - ሰርሓት ሕብረትሶቬት ዝኾኑ ኣጽዋር ብርካሽ ዋጋ ንምሽማት ወይ ብኻልእ ዘመናዊ ኣጽዋር ንምልውዋጥ ልዑል ምንቅስቓስ ተካይድ ከምዘላ'ዩ ዝንገረሉ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሩስያ ካብ ቅድሚ ሓደት መዓልታት ጀሚራ ኣብ ልዕሊ እታው ፍርያት ባናና ኢኳደር ኣንቢራቶ ዝጸንሐት እገዳ ከምዝልዓለቶ ኣፍሊጣ።

ሩስያ፡ ነቲ እገዳ ዝወሰነትሉ ምኽንያት - ኣብቲ ባናና ሕማም ሸሮኽ ዘስዕብ ባክተርያ ዝሓዘ ሓደገኛ ባልዕ ስለዝረኸበት ከምዝኾነት ክትገልጽ እንከላ፡ ገለ ምዕራባውያን ወገናት ድማ፡ እቲ ስጉምቲ ምስ'ቲ ኢኳደር ሰርሓት ሕብረትሶቬት ዝኾኑ ወተሃደራዊ ዕጥቂ ንኣመሪካ ክትሸጠላ ዘውጽኣቶ ውጥን ዝተኣሳሰረ ከምዝነበረ ይሕብሩ።

## ‘ንግዲ ቈርበት ኣእዱግ ኣብ 55 ሃገራት ተኣጊዱ’ ተባሂሉ



ኣእዱግ እናሓረድካ ቈርበቶም ቀሊጥካ ናብ ወጻኢ ብሰደድ ናይ ምልኣኽ ተግባራት፡ ኣብ 55 ሃገራት ኣፍሪቃ ከምእተኣገደ፡ ንተጣበቕቲ ማሰል እንስሳታት ብምጥቃስ በቢሲ ሓቢሩ።

ኣብ ዓመታዊ ዋዕላ ሕብረት-ኣፍሪቃ ክሳተፉ ዝቐጽዑ መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ ቈርበት ንምርካብ ኢልካ ኣእዱግ ብዘይሕልክልክ ኣጉዒብ ናይ ምቕታል ተግባራት ደው ክብል ንዝቐረበሎም እማመ ከምዝጸደቑዎ፡ በቢሲ ኣብ ጸብጻቡ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኣብ ቻይና ካብ ቈርበት ኣእዱግ ብባህላዊ ኣገባብ ተቓሚሞ ዝዳሎ 'ኢጂያኦ' ዝተሰምየ ጥንታዊ መድሃኒት፡ ቀንዲ ምኽንያት ናህሪ ጠለብ ቈርበት ኣእዱግ ኣብ ኣፍሪቃ ኩዩት ከምዝጸንሐ እየም ጸብጻባት ዘረድኡ።

እቲ ንግዲ በዚ ዝጸንሖ ናህሪ እንተዝቕጽል፡ ቁጽሪ ኣብ ኣፍሪቃን ደቡብ ኣመሪካን ናይ ዝርከቡ ኣእዱግ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ክወርድ ይኽእል ምንባሩ እዩ - 'ዶንኪ ሳንክቹወሪ' ዝተባህለ ኣብ ኬንያ ዝመደበሩ ተጣባቒ ናይ'ቶም እንስሳታት ዝገልጽ።

እቲ ተጣባቒ ማሕበር ወሲኹ፡ ካብ 2016 ክሳብ 2019 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ፡ ኣስታት ፍርቂ ካብ ጠቕላላ ኣእዱግ ኬንያ ተሓሪዶም ቈርበቶም ናብ ቻይና ከምእተላእከ ሓቢሩ።

ካብ'ቶም ብደረጃ ዓለም ኣለዉ ዝበሃሉ 53 ሚልዮን ኣእዱግ፡ እቶም ኣስታት ክልተ ሰሶ ኣብ ኣፍሪቃ ከምዝርከቡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ካብ ቈርበት ኣእዱግ ዝዳሎ ባህላዊ መድሃኒት ቻይና (ኢጂያኦ)፡ ብብዙሓት ቻይናውያን 'ንእርጋን የደናጕ እዩ' ተባሂሉ ስለዝእመነሉ፡ ዝ ዕላማዚ ተባሂሎም ዝጠዙሑ ኣእዱግ ናይ'ታ ሃገር ከምእተቐትሉ፡ እቶም ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ፓፑዋ ኒውጊኒ - ብሰንኪ ቀቢላዊ ጎንጺ 64 ሰብ ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ከበሳታት ፓፑዋ ኒውጊኒ ብዘተኸስተ ቀቢላዊ ግጭት፡ ብውሕዱ 64 ሰብ ከምዝሞቱ ማዕከናት ዜና ዓለም ሓበረን።

ሰብመዚ ጸጥታ'ታ ሃገር ነቲ ፍጻሜ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ፓፑዋ ኒውጊኒ ኣብ ሕሉፍ ታሪኻ ብሰንኪ ቀቢላዊ ግጭት ክንደዚኣም ዝኣኽሉ ሰባት ተቐቲሎምዋ ከምዘይፈልጡ ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ክስተት ንመንግስትን ህዝቢን'ታ ሃገር ኣመና ኣሰንቢዱ ከምዘሎ ገሊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ መንጎ ኣምቡሊንን ሲኪንን ዝተባህሉ ክልተ ተቛናቐንቲ ቀቢላታትን ደገፍቶምን ዝጋጠመ ጎንጺ፡ ብኮለሽናት ዝተሰነየ ከምዝነበረ ኣረጋጊጾም።

ካብ ዝወደቑዎ ሰንጭሮታትን እምባታትን ገና ዘይተላዕሉ ግዳያት ከምዘለዉ ዝጠቐሱ እቶም ሰብመዚ፡ በዚ ምኽንያት ቁጽሪ ምውታት ክዩወስኽ ልዑል ስግኣት ከምዘሎ ሓቢሮም።

እቶም ታሪኻዊ ምትህልላኽ ከምዘለዎም ዝንገረሎም ክልተ ቀቢላታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ናብ ተመሳሳሊ ግጭት ኣትዮም ከምዝነበሩን ከም ውጽኢቱ 60 ሰብ ከምዝተቐትሉን ኤቢሲ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣውስትራልያ ጸብጺቡ።

ኣብ ኣሸኒያ እትርከብ ፓፑዋ ኒውጊኒ፡ 600 ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ከምዘለዉዋን ኣማኢት ዝተፈላለየ ቋንቋታት ከምዝዝረብላን ጸብጻባት የመልክቱ።



## ኣመሪካ፡ ንውሳነ ምቁራጽ ተኹሲ ቓዛ ክትዓግቶ ምኳና ኣፍሊጣ

ኣመሪካ፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ደው ከተብሎ ዝጠልብ ተወሳኺ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ክትዓግቶ ምኳና ገሊጻ።

ኣመሪካ ነዚ ትገልጽ ዘላ፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብቲ ብኣልጀርያ ዝቐረበሉ - ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ህጹጽ ምቁራጽ ተዃብኦ ክየበር ዝጠልብ ሓድሽ እማመ ድምጺ ንምሃብ ሎሚ ሰሉስ ምሸት ክጋባእ ምኳኑ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ሊንዳ ቶማስ-ግሪንፊልድ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እቲ ቶዳልዩ ዘሎ ሓድሽ እማመ ናብ ድምጺ እንተ ቐሪቡ፡ ኣመሪካ ብዘለዋ ናይ ቀውፊ መሰል ተጠቒማ ከተፍሽሎ ምኳና ገሊጻ።

ንሳ ወሲኻ፡ እቲ እማመ፡ ነቲ ኣመሪካ ምስ ግብጽን ቀጠርን እናተሓባበረት ኣብ መንጎ እስራኤልን ፍልስጤማውያንን ናይ ዝርርብ መድረኽ ብምፍጣር ነቲ ግጭት ደው ንምባል እተካይዶ ዘላ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ዝጻረር ምኳኑ'ውን ሓቢራ።

ነቲ ግጭት ደው ንምባል ብሸምግልና ግብጽን ቀጠርን ዝቖየድ ዘሎ ጻዕርታት፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ተቛናቐንቲ ወገናት ንኣዋርሕ ዝቕጽል ስምምዕ ምቁራጽ ተዃብኦ ክየበር፡ ኣምሳያኡ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ናጻ ክልቀቑ፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ እስራኤል ዝርከቡ ፍልስጤማውያን እሱራት እውን ናጻ ክልቀቑን ናብቲ ወሽመጥ እኹል ሰብኣዊ ሓገዝ ክውሕዝን ዘኽእል ውጽኢት ክርከቦ ልዑል ተስፋ እዩ ተነብሮሉ ጸኒሑ።





ኩይኑ ግን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ፡ “እስራኤል ምሉእ ዓወት ክሳብ እትጎናጸፍ ነቲ ኲናት ፈጺማ ደው ኣይክተብሎን እያ” ብምባሉ፡ ሓማስ ድማ እስራኤል ኲናት ደው ኣቢላ ሰራዊታ ካብቲ ወሽመጥ ክሳብ ዘየስሓበት፡ ነቶም ጅሆ ሒዚዎም ዘለዉ ኣስታት 130 ዝኾኑ እስራኤላውያን ናጻ ከምዘይለቕቆም ይገልጽ ብምህላዉ፡ እቲ ተስፋ ተገብሩሉ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ከይፈሽል ተሰጊኡ ከምዘሎ ይግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ እስራኤል ብመሬትን ብሰማይን ኣብቲ ወሽመጥ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲታት፡ ዛጊት ኣስታት 29 ሽሕ ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም፡ ልዕሊ 85% ነበርቲ ቓዛ ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም፡ ኣስታት 1.4 ሚልዮን ተመዛበልቲ ድማ ኣብ ከተማ ረፋሕ ተዓቚቦም ይርከቡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 20/02/2024 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565